ኢንድ
# ወጋሕታ
4ይ ዓመት ቑፅሪ 46 16 መስከረም 2017 ዓ.ም
ሓሙስ
ብር 10.00

# ምድንፋዕ መፍረያይነት ሕርሻ ትግራይ

**መኣርግ ገ/ሄር**

**ዜና ትንታነ**

ኣብ ዘመበነ ምህርቲ 2016/17 ኣብ ትግራይ ልዕሊ 700ሺ መሬት ብዘራእቲ ተሸፊኑ ኣሎ። እዚ ምህርቲ ብእዋኑ ምእካብን መስኖ ንምስፍሕፋሕን ከምኡ'ውን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ መፍረያይነትን ልምዓት ትሩፋት ብምትእትታው ብምግቢ ዓርሰኻ ንምኽኣል ስራሕቲ ይሰርሑ ኣለው።

ሓላፊ ቢሮ ሕርሻ ክልል ትግራይ ኢያሱ ኣብርሃ (ዶ/ር)፣ሓረስታይ ትግራይ ንምዝማንን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ መፍረያይነት ንምርግጋፅን ግዜን ጉልበትን ዝቑጡብ ቴክኖሎጂ ወሳኒ 'ዩ ክብሉ ይገልፁ፡

ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ምስ ትካል ዓለም ለኸ ተራድኦ ጀርመንን / ጂ ኣይ ዜድ/ ዓለም ለኸ ምርምር ስርናይን ዕፉንን ስሚትን ብምትሕብባር ኣብ ወረዳ እንድርታን ሕንጣሎን ብምርምር ዝተዘርአ ክላስተር ስርናይ ብሉፅ ተሞኩሮ ንምክያድ ዑደት ኣሳሊጡ ኣሎ።

ሓረስቶት ሜካናይዜሽን ተጠቒሞም ግዚኦም፣ገንዘቦምን ጉልበቶምን ቆጢቦም ዝሐሸ ምህርቲ ክረኽብሉ ዘኽእል ዕድል ምህላው ኣተሓባባሪ

ምድንፋዕ .... ገፅ 6



# በዓላት እንትኽበሩ ሰላምን ምክብባርን መሰረት ዝገበሩ ክኾኑ ይግባእ ተባሂሉ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣባባ፡- ሃይማኖታውን ማሕበረሰባውን በዓላት ክኽበሩ ከለው ሰላምን ምክብባርን መሰረት ዝገበሩ ክኾኑ ይግባእ ክብሉ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሃገረስብከት መካነ ሰማእት ቂርቆስ ቤተክርስተያን ሰባኬ ወንጌል ቀሲስ ብርሃነሂወት ግርማይ ገሊፆም።

ቀሲስ መምህር ብርሃነሂወት ግርማይ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ከምዝገለፅዎ፤ ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ንኹሉ መሰረቱ ሰላም 'ዩ። መስቀል ድማ ኣብ ዓለምና ዝዓበየን ዝኸበረን መግለፂ ሰላምን ዕርቅን ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ምኺኑ ብምግላፅ፤ መስቀል ምስ ሰላም ዓብይ ርክብ ዘለዎ ቅዱስን በዓል 'ዩ ኢሎም።

ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ሰላምና ክነግስን ክዕቀብ ኣልዎ ዝበሉ መምህር ብርሃነሂወት፤ ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ እቲ ዝሓለፈ መከራን ስደትን የኣኽሎ። ስለዚ መልእ ህዝቢ ኣብ ሰላም ትኹረት ገይሩ ከሰርሕ ኣለዎ። ምስ ኩሉ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ካሊእ ማሕበረሰብ ዓለም ተስማዕሚዕና ብሰላም እንኸደሉ መንገዲ ክጠናኸር ኣለዎ ክብሉ ገሊፆም።

በዓል መስቀል ብብርኪ ሃገር ኣብ ዩኒስኮ ካብ ዝተመዝገቡ ዘይድህሰሱ ቅርስታት ሓደ ምኺኑ

በዓላት እንትኽበሩ ... ገፅ 6




## ምምፃእ ልዑል ነጥቢ ቤት ትምህርቲ ቃላሚኖ ውፅኢት ፃዕሪ መምህራንን ተምሃሮን 'ዩ

ገፅ 2

# ሸሞንተ ሚኢቲ ኪሎ ግራም ወርቂ ናብ ብሄራዊ ባንኪ ኣታዊ ንምግባር ይስራሕ ከምዘሎ ተገሊፁ

- ስርዓት ዘለዎ ኣጠቓቕማ መዓድን ንምርግጋፅ ሕግን ደንብን ወፂኡ ኣሎ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ቢሮ መሬትን መዓድንን ክልል ትግራይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ሸሞንተ ሚኢቲ ኪሎ ግራም ወርቂ ናብ ብሄራዊ ባንኪ ኣታዊ ንምግባር መደብ ሒዙ እናሰርሐ ከምዝርከብ ኣፍሊጡ። ከምኡ 'ውን ኣብ ምፍራይ መዓድን ብሕጋዊ መልክዕ ንምንቕስቓስ ሕግን ደንብን ወፂኡ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ገሊፁ።

ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ኮምኒኬሽን ቢሮ መሬትን መዓድንን ክልል ትግራይ ኣይተ ፍስሃ ግርማይ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ሸሞንተ ሚኢቲ ኪሎ ግራም ወርቂ ናብ ብሄራዊ ባንኪ ኣታዊ ንምግባር መደብ ካብ ምትሓዝ ብተወሳኺ 60 ኪሎ ግራም ሳፋየር ናብ ዕዳጋ ንምቕራብ መደብ ተታሒዙ እናተሰርሐ ይርከብ።

ኣብ ትግራይ ከም ንኮንስትራክሽን፣ ኢንዱስቱሪን ንመጋየፂን ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መዓድናት ከምዘለዉ ብምጥቃስ፤ ብደረጃ ክልል ብድምሩ ካብ ግልጋሎት 35ሚልዮን ብር ኣታዊ ንምርካብ ይስራሕ ከምዘሎ ተዛሪቦም።

ሸሞንተ ሚኢቲ ... ገፅ 6



## በዓል መስቀል መስሕብ ቱሪዝም ሃገር

ገፅ 4



## "መስቀል ኣብ ዓለምና ዝዓበየን ዝኸበረን ከም ፃዕዳ ርግቢት ተምሳሌት ሰላምን ዕርቅን 'ዩ"

*- መምህር ብርሃነሂወት ግርማይ*

ገፅ 5





## “ዝበልፀገት ኢትዮጵያ ንምፍጣር ኣመራርሓ ስብእና ኣገልጋልነት ሒዙ ክሰርሕ ኣለዎ”

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)**

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ዝበልፀገት ኢትዮጵያ ንምፍጣር ኣመራርሓ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ስብእና ኣገልጋልነት ሒዙ ንውፅኢታውነት ንክሰርሑ ፕሬዝዳንት ብልፅግና ፓርቲን ቀዳማይ ሚኒስትር ፌደሪኢ ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣተሓሳሲቦም፡፡

ፓርቲ ብልፅግና ንዝሓለፉ 12 መዓልትታት ኣብ ከተማ ኣዳማ ዘካየዶ መድረኽ ስልጠና ህንፀት ዓቕሚ ላዕለዎት ኣመራርሓ ናይቲ ፓርቲ ፕሬዝደንት ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ብዝሃብዎ ኣንፈት ተዛዚሙ፡፡

ሃገራዊ ናይ ምስጋር ትልምታት ብዓብይ ርብርብን ጥምረትን ብምስኻዕ ዝበልፀገት ኢትዮጵያ ንምፍጣር ኣመራርሓ ልዕሊ ኹሉ ናይ ኣገልጋሊ ኣመራርሓ ሰብእና ሒዞም ብውፅኢታውነት ክሰርሑ ይግባእ፡፡

እቲ ፓርቲ «ናይ ሕልሚ ጉልበት ንዝላ ዕብየት» ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ካብ ክልላት ፣ምምሕዳር ከተማ ካብ ትካላት ፌደራል ንዝተውፃፅኡ ልዕሊ ኽልተ ሽሕ ንዝኾኑ ልዕለዎት ኣመራርሓ ፣ናይ ፅባሕ ኢትዮጵያ ብልፅግና ብምርግጋፅ ዕድል መፃኢ ወለዶ ውፅኢታዊ ንምግባር ዘኽእሉ ፖለቲካዊ ፣ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ረብሓ ብዘለዎም ሓሳባት ዙርያ ስልጠና ተዋሂቡ 'ዩ ኢሎም፡፡

እቲ ስልጠና ኣባላት ኣመራርሓ ግዜ ብኣግባብ ብምጥቃም፣ ፀገማት ህዝቢ በቢደረጅኡ ብምፍታሕ ብተግባር ሓድነት ልዕልነት ኢትዮጵያ ንምርግጋፅ በዚ ስልጠና እኹል ዓቕሚ ዝረኸብሉን ናይ ፅባሕ ኢትዮጵያ ንምስራሕ ዘኽእል ግንዛቤ ዝጨበጥሉ ከምዝነበረ ገሊፆም፡፡

እቲ ስልጠና ሃገር ቀያሪ ፣ሃፍቲ ፈጣሪ ሰብ ብምዃኑ ፣ ኣብ ኹሎም ክልላት ፣ከተማታትን ትካላት ፌደራል ዘለዉ ላዕለዎት ኣመራርሓ ብተመሳሳሊ ናይቲ ፓርቲ ተልእኾ ዙርያ እኹል ግንዛበ ብምድሓዝ ንዝሓሸ ውፅኢት ከምዝፅዕር ኣብሪሆም፡፡

መሪሕነት ባዕልኻ ምሃብ፣ ትዕግስትን ትልምን ንምስኻዕ ቁርፀኝነት ከምዝሓትት ብምግላፅ ፣ላዕለዋይ ኣመራርሓ ዝወሰዶ ስልጠና ናይ መሪሕነት ቁልፊ መትከል ባህሪያት ብኣግባብ ንምግንዛብ ዝገበረ ስልጠና ብምዃኑ ፈጣን ለውጢ ንምምዝጋብ ዓቕሚ ዝፈጥር 'ዩ፡፡

ኣብቲ ስልጠና ሕልምን ትልምን ንምስኻዕ ዝሕግዙ ኣረኣእያን ናይ ምፍፃም ሓሳባት፣ ብህዝቢ ተቐባልነትን ምትሕብባርን ናይ ምስራሕ ዓቕሚ ፣ ፍልጠት መርሕ ስግግር ንምፅናዕ ዘድልዩ ሰብእና ናይ ምስራሕ ፀገማት ፀጥታ ናብ ሙሉእ ሰላም ዘሳግሩ ከይድታትን ስነምግባር ኣመራርሓ ዝምዝኾኑን ተደሓሓዚ ርእሰ ጉዳያት ፅሑፋ ቀሪቦም ሰፊሕ ዘተ ተኻይዱ 'ዩ፡፡

# ዘተኣማምን ዋሕስ ሰላም ንምርግጋፅ ባህሊ ምኽክር ክዓቢ ይግባእ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ኢትዮጵያ ኢሉ 'ውን ብብርኪ ዓለምለኸ ዘተኣማምን ዋሕስ ሰላም ንምርግጋፅ ባህሊ ምኽክር ምዕባይ ከምዝግባእ ሚኒስትር ሰላም ኣፍሊጡ።

«ምዕባይ ባህሊ ሰላም» ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝኽበር ዓለምለኸ መዓልቲ ሰላም ምኽንያት ብምግባር ኣብዚ ሓለፈ ሰሙን መድረኽ ዘተ ተኻይዱ 'ዩ።

ኣብቲ መድረኽ ብሚንስትር ሰላም ህንፀት ሰላም ስራሕ ፈፃሚ ኣወቀ ኣጥናፉ (ዶ/ር) ከምዝገለፅዎ፣ ዋጋ ሰላም ብምንም ክትመን ዘይኽእል ንወዲ ሰብ ኹሉ ኣድላይን መሰረታዊን ነገርን ብምዃኑ ኣብ ኢትዮጵያ ኢሉ 'ውን ብዓለምለኸ ብርኪ ዘተኣማምን ዋሕስ ሰላም ንምርግጋፅ ባህሊ ምኽክር ምዕባይ ይግባእ።

ናይ ሓደ ኸባቢ ስእነት ሰላም ንካልእ ኸባቢ ስእነት ሰላም ዓብይ ፅዕንቶ ዝፈጥር ከምዝኾነ ዘልዓሉ ኣወቀ(ዶ/ር)፣ ሰላም ናይ ሓደ ወገን ጥራሕ ብዘይምዃኑ ንዘላቒ ሰላም ህንፀት ፅንዓት ኹሉ ብባዓል ዋና ክሰርሕ ይግባእ ኢሎም።

ኣብ ከይዲ መፅናዕ ሰላም 'ውን ምኽክር ዘይትካእ ግደ ከምዘለዎ ድሕሪ ምግላፅ፣ ኮምሽን ምኽክር በቢ ከባቢኡ ዝረኣዩ ፀገማት ንምፍታሕ ዘኽእል ከምዝኾነን ክሳብ ሐዚ ዘሎ ከይዲ በቢኸባቢኡ መሰረታዊ ዝኾኑ ፀገማት ንክፍትሑ ለውጢ ንክመፅእ ከምዝኾነ ኣፍሊጦም።

ብምዃኑ 'ውን ኣብዚ ከይዲ ምኽክር ብስእነት ሰላም እቶም ቀንዲ ተጠቃዕቲ ደቂ ኣስትዮን መናእሰይን ብንቅሓት ክሳተፉ ከምዝግባእ ባህሊ ምኽክር ንምዕባይ ንዘላቒ ሰላም ናይ ግደኦም ንክሰርሑ ኣወቀ(ዶ/ር) ኣተሓሳሲቦም።

ከም ገለፃ እቶም ዶ/ር፣ እቲ ሚኒስትር ኣብ ጉዳይ ሰላም ተሳፊቲ ሓይልታት ብምኽታት ኣብ ህንፀት ሰላም ክስርሑ ዝግበኦም ጉዳያትን ኣካላትን ብምስታፍ ዓቕሚ ማሕበረሰብ ንምዕባይ ዘኽእል ፖሊሲ ሰላም ኣብ ቐረባ ብመንግስቲ ክፀድቕ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

እቲ ፖሊሲ ሃገር በቀል ፍልጠታት ንምጥቃምን ሰላም ንምስፋን ዘኽእሉ ኩነታት ሓዊሱ ዘካተተ 'ዩ። ድሕሪ ምፅዳቑ ድማ ናይ ስራሕ መምርሒ ብምግባር እቲ ማሕበረሰብ ፍታሕ ሰላም ኣብ ኢዱ ከምዘሎ ብምምልካት ዘተኣማምን ዋሕስ ሰላም ንምሃብ ዘኽእል 'ዩ።

ኣብ ትካል ሕቡራት መንግስታት ናይ ኢትዮጵያ ዋና ተፃዋዒ ብምውካል ዋና ሓላፊ ልምዓት ፕሮግራም ሳሙኤል ዱኤ (ዶ/ር) ብወገኖም ፣ ብብርኪ ዓለምለኸ ዝኽበር መዓልቲ ሰላም እንትንኽብር ሰላም ማለት ጎንፂ ዘይብሉ ማለት ጥራሕ እንተይኾነስ ናይ ኹሉ ፃዕርን ርብርብን ብዘላቕነት ዝሓትት ከይዲ ከምዝኾነ ክንርዳእ ይግባእ ኢሎም።

ኣብ ኢትዮጵያ እናተኻየደ ዘሎ ሃገራዊ ምኽክር ጎንፅታት ብዘተ ብዝርርብ ብምፍታሕ ናይ ሓባር ምርድዳእ ብምብፃሕ ሃገር ንሰላም ዘለዋ ቁርፀኝነት ዘርኢ ከምዝኾነ ኣፍሊጦም።

ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ንዕብየት ሃገር ኢሉ 'ውን ንሰላም ምፅናዕ ዘይትካእ ግደ ከምዘለዎም ገሊፆም። መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ሰላምን ፀጥታን ህንፀት ዘለዎም ተሳትፎ ንምዕባይ ንምብቃዕ ትካል ሕቡራት መንግስታት ብሓባር ክሰርሕ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

# ምምፃእ ልዑል ነጥቢ ቤት ትምህርቲ ቃላሚኖ ውፅኢት ፃዕሪ መምህራንን ተምሃሮን 'ዩ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ምምፃእ ልዑል ነጥቢ ቤት ትምህርቲ ቃላሚኖ ውፅኢት ፃዕሪ መምህራንን ተምሃሮን ከም ዝኾነ ተገሊፁ።

ሓላፊ ርክብ ህዝቢ ነባራት ተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ መምህር ታጋይ ዘበነ ንትካል ፕሬ ስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፣እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ 1990 ዓ.ም ዝተመስረተ እንትኸውን፣ዛጊድ ልዕሊ ኽልተ ሽሕን ሓሙሽተ ምኢትን ኣምሂሩ ናብ ዩኒቨርሲቲ ከእትው ኽኢሉ 'ዩ። እቲ ሎሚ ዘበን ዝተርኣየ ልዑል ውፅኢት ድማ መርኣያ ፀፃዕሪ መምህራንን ተምሃሮን 'ዩ።

ኣፍቲ ክልል ካብ ዘለዉ ቤት ትምህርቲ ልዑል ውፅኢት ሻምናይ ክፍሊ ዘምፅኡ ተምሃሮ ናፍቲ ቤት ትምህርቲ ብምእታው ንኣርባዕተ ዓማውቲ ናፃ ዕድል ትምህርቲ ክረኽቡ ከም ዝግበር ዝሓበሩ እቶም ሓላፊ፣ እቲ ዝነበሮም ፍልጠት ብምድባር ዝንኣድ ውፅኢት መእተዊ ዩኒቨርሲቲ ከም ዘምፅኡ ሓቢሮም።

እቲ ቤት ትምህርቲ ብማሕበር ልምዓት ትግራይ ዝተመስረተ እንትኸውን፣ ቀንዲ ዕላምኡ ድማ ዝተምሃረ ሓይሊ ሰብ ብምፍራይ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ንምፍታሕን ሃገር ብፍልጠት ክብ ንኽትብል ከም ዝኾነ ኣረዲኦም።

ፀገማት እቲ ክልል ንምፍታሕ ዝያዳ ኣብ ፍልጠትን ምርምርን ብምድሃብን፣እቲ ቤት ትምህርቲ ንኻልኦት መርኣያ ክኸውንን ተባሂሉ ከም ዝተመስረተ ተዛሪቦም።

ተምሃሮ ብምኽንያት ኵናት ኸቢድ ፀገም እንተሕልፉ 'ውን፣ ኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ መወዳእታ 2015 ዓ/ም ከም ዝተጀመረ ብምጥቃስ፣ ናይ ሰለስተ ዓመት ምድላው ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ብፃዕሪ ብምምሃር ልዑል ውፅኢት ከምዘመዝገቡ ኣብራህሪሆም።

ሎሚ 'ውን እንተኾነ ድሕሪ በቲ ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርቲ 284 ተምሃሩ ከም ዝተፈተኑ ብምጥቃስ፣ልዑል ነጥቢ 675 ብደቂ ተባዕትዮ፣ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ 662 እንትኸውን፣92 ተምሃሮ 600 ከም ዘምፅኡ ተዛሪቦም። እቲ ቤት ትምህርቲ 567 ማእኸላይ ውፅኢት ብምምዝጋብ እቲ ዝፀንሐ ብሉፅ ታሪኹ ከም ዝደጋገሞ ገሊፆም።

ካፍቲ ቤት ትምህርቲ ተማሂሮም ዝወፁ ተምሃሮ ብብርኪ ዓለምለኸ ምስ ዝፍለጡ ኩባንያታት ጎግል ማይክሮሶፍት፣ ናሳ፣ኣብ ውሽጢ ዓዲ ድማ ኣብ ኢንሳ፣ቴሌኮምኒኬሽን ከምኡ 'ውን ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ እናሰርሑ ይርከቡ ኢሎም።




ውፅኢት ተምሃሮ ቓላሚኖ እንትርኣይ ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት 'ውን ዕላማን ፃዕርን ብምስናኽ፣ እዚ ዘኹርዕ ውፅኢት ምምፀኦም ዘሐጉስ 'ዩ ኢሎም። እቶም ናይ ቀደም ተምሃሮ ሐዚ ኣብ ዝተፈላለየ ዘፈር ስራሕ ዝርከቡ ውፅኢታውያን ምሁራት ካብ ዘለውዎ ዝተኣኻኸቡሉ መድረኽ ብምድላው ንሃገሮም ኣስተዋፅኦ ከበርክቱ ፃዕርታት እናተገበረ ከም ዝርከብ ሓቢሮም።

# በዓል ኢሬቻ ባህላዊ ክብርታቱ ብዝሓለወ መልክዕ መስከረም 25ን 26ን ክኽበር 'ዩ

**ኣብርሃ ሓጎስ**



ኣዲስኣበባ፡- ናይ 2017 ዓ.ም በዓል ኢሬቻ ባህላዊ ክብርታቱ ብዝሓለወ መልክዕ መስከረም 25 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሆራ ፊንፊኔ፣ መስከረም 26 ድማ ኣብ ቢሸፍቱ ሆራ ሃርሰዴ ከምዝኽበር ሕብረት ኣባገዳታት ኦሮምያ ኣፍሊጡ።

ናይ መጫ ኣባገዳን ኣቦ ወንበር ሕብረት ኣባገዳታት ኦሮምያን ኣባገዳ ወርቅነህ ተሬሳ ንትፕኢ ከምዝገፅዎ፣ ህዝቢ ኦሮሞ ካብ ዘኽብሮም በዓላት ዕርቕን ሰላምን በዓል ኢሬቻ ሓደ 'ዩ። እቲ በዓል ሎሚ ዓመት 'ውን መስከረም 25 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሆራ ፊንፊኔ፣ መስከረም 26 ድማ ኣብ ቢሸፍቱ ሆራ ሃርሰዴ ክኽበር 'ዩ።

ኣብዚ በዓል ንምስታፍ ዝርከቡ ክፋላት ሕብረተሰብ ናይ ባህሊ ከዳውንቶም ብምኽዳን እቲ በዓል ብፍቅሪ፣ ብሓድነትን ሰላምን ከኽብሮ ከምዝግባእ ብምግላፅ፣ ናይ ሎሚ በዓል ኢሬቻ ሆራ ፊንፊኔን ሆራ ሃርሰዴን ብፍሉይ ደሚቁ ንክኽበር ብዙሓት ምድላዋት እናተወገኑ ከምዝኾኑ ሓቢሮም።

ካብዚ ምድላዋት ድማ ናይቲ በዓል መተሓባበርቲ ንመናእሰይ ከምይ ክሰማረዩ ከምዘለዎም ኣንፈት ዝሃቡ እንትኾኑ፣ ከምኡ 'ውን ምስ ኣበጋዳታት ብምትሕብባር ብዛዕባ እንታይነትን ክብርታትን እቲ በዓል ግንዛበ ምሃብ ይርከቦም።

ምስ ኣባገዳታት፣ ሃደስንቄታት፣ መንግስትን መዳርግቲ ኣካላትን ብምዃን እቲ በዓል ብሰላም፣ ብፍቕሪን ታሕጓስን ንክኽበር ንምግባር ዘተ ከምዘተኻየደ ብምሕባር፣ እቲ በዓል ምስ ካልኦት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታን ምስ ህዝቢ ኦሮሞ ብምዃን ንከኽብሩ ፃውዒት ኣቕሪቦም 'ዮም።

ካብዚ ብዝሓለፈ ድማ ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን እቲ በዓል ንከኽብሩ ፃውዒት ከምዝቀርበ ዝገለፁ ኣባጋዳ ወርቅነህ፣ ኣብ ብሺፍቱን ኣዲስ ኣበባን ካብ ዝኽበር ብተወሳኺ ኣብ ካልኦት ክፋል እታ ሃገር ከም ዝኽበር 'ውን ተዛሪቦም።

ቄሮዎች፣ ቀሬዎችን ፎሌዎችን ናይቲ በዓል ሰብ ዋና ምዃኖም ብምግላፅ፣ በዓል ኢሬቻ ባህላዊ ክብሩ ሓልዩ ንክኽበር ምኽኣል ከምዝግባእ ኣረዲኦም። ሆረ ፊንፊኔን ሆረ ሃርሰዴ ሓዊሱ ኣብ ካልኦት ክፋላት እታ ሃገር ዝኽበር በዓል ኢሬቻ ልዕሊ 12 ሚሊዮን ክሳተፉ 'ዮም ተባሂሎም ትፅቢት ከምዝግበር ገሊፆም።

ሃደስንቄ ቱለማ ዘውዲቱ ብወገነን፣ በዓል ኢሬቻ ናይ ሰላም በዓል ብምዃኑ ናይ ኦሮሞን ባህልን ስርዓትን ብዝተኸተለ መልክዕ ክኽበር ከምዘለዎ ብምግላፅ፣ እቲ በዓል ባህሉን ክብርታቱን ተኸቲሉ ንክኽበር ኩሉ ብፅሒቱ ክዋፃእ ይግባእ ኢለን።

ናይሎሚ በዓል ኢሬቻ ክብርታት ስርዓት ገዳ ብዝሓለወ መለክዕ ንምኽባር ምድላዋት እናተወገነ ምዃኑ እተን ሃደስንቄ ዝገለፃ ኮይነን፣ እቲ በዓል ብዘይዝኾነ ፀገም ኩሉ ብሓባር ደው ክብል ኣለዎ ኢለን። ብፍላይ መናእሰይ ግደኡ ብግቡእ ክዋፃእ ኣለዎ ክብላ ገሊፀን። ካብዚ ውሽጢ ሓደ እቲ በዓል ዝኽበረሉ ቦታ ምጉብናይን ፅሩይ ናይ ምግባር ስራሕ ተጠቃሲ ምዃኑ ተዛሪበን።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ህዝባዊ በዓላትና- ንሓድነት ህዝቢታትን ዕቤት ቱሪዝምን

ኢትዮጵያ ብርክት ዝበሉ ሃይማኖታውን ባህላውን ትሕዝቶ ዘለዎም ህዝባዊ በዓላት ዘለዋ ምዃና ዝፍለጥ 'ዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሃገርና ብርክት ዝበሉ ኣብ ኣዳባባይ ዝኽበሩ ህዝባዊ በዓላት ኣለዉ፡፡

ካብቶም ህዝባዊ በዓላት እቲ ሓደ ብፍላይ ብተኸተልቲ እምነት ክርስትና ኣብ ወርሒ 17 መስከረም ብድምቀት ዝኽበር በዓል መስቀል 'ዩ፡፡ መስቀል ብዩኒስኮ ዘይድህሰስ ቅርሲ ዓለም ኮይኑ ዝተመዝገበ 'ዩ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ካብ በዓል መስቀል ቐፂልና ኣብ ከባቢ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ብብሄር ኦሮም ዝኽበር ዓብዪ በዓል ኢሬቻ ንረክብ፡፡ እዚ በዓል እዚ ንፈጣሪ ምስግና ንምቕራብ፣ ብስፍሓትን ድምቀትን ኣብ ኣዳባባይ ዝኽበር ዓብዪ በዓል 'ዩ፡፡ እዚ ብርክት ንዝበሉ ናይ ውሽጥን ደገን ጎብነይቲ ዝስሕብ ኮይኑ ዓብዪ ፍልፍል ቱሪዝም 'ዩ፡፡

እዞም ኣብ ኣደባባይ ዝበዓሉ ዓበይቲ መንፈሳዊን ባህላዊን ትሕዝቶ ዘለዎም በዓላት መሰረት ሓድነት ኢትዮጵያውያን 'ዮም፡፡ መሰረት ሓድነት ካብ ምዃን ሓሊፎም 'ውን መስሕብ ቱሪዝም ኮይኖም ኣብ ምግልጋል ዕዙዝ ኣስተዋፅኦ ኣለዎም፡፡ እሴታቶም ናይ ደገ ቱሪስትታት ቐልቢ ብምስሓብ ንብዙሕ ዓመታት ፀኒሖም 'ዮም፡፡ኮይኑ ግን ኢትዮጵያ ብልክዕ ዘለዋ ዓሚቕ ፍልፍል ቱሪዝም ኣብ መሰረተ ልምዓት እቲ ዘፈር ብዝግባእ ብዘይምስርሓ ካብኡ ክርከብ ዝግበኦ ረብሓ ከይረኸበት ፀኒሓ 'ያ፡፡

እዞም እሴታት እዚኦም ዋላ ንብዙሕ ዓመታት ትኹረት ተዋሂብዎም ኣብ ጥቕሚ ከይወዓሉ ይፅንሑ ድሕሪ ለውጢ ግና ሃፍቲ ቱሪዝም ዝኾኑ እሴታት፣ መንግስቲ ትኹረት ብምሃብ ብዙሓት መባፅሕቲ ቱሪስትታት ኣልሚዑን እናልመዐን ይርከብ፡፡ ንዘፈር ቱሪዝም ዓብዩ ትኹረት ብምሃብ መባፅሕቲ ቱሪስትታ ኣብ ምልማዕ፣ ናይ መስሕብ ቱሪስትታት ብምፍላጥን ብዙሓት ሓደሽቲ መባፅሕቲ ቱሪስትታት ከም ሎጇት ዝመሳሰሉ ኣልሚዑ 'ዩ፡፡ ከምኡ 'ውን ካልኦት ተወሰኽቲ እናልመዐን ይርከብ፡፡

መንግስቲ ነዚ ትኹረት ዝገበረሉ ምኽንያት እቲ ዘፈር ኣብ ምዕባይ ቑጠባ እታ ሃገር ዘለዎ ግደ ልዑል ምዃኑ ብምርዳእ 'ዩ፡፡ ቱሪዝም ሽርፊ ወፃኢ ካብ ምዕባይ ሓለፉ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣር ዘለዎ ግደ 'ውን ቀሊል ከምዘይኮነ ይርዳእ፡፡ ብምዃኑ መንግስቲ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ዝርከቡ ናይ ቱሪስት ቦታታት ብምልማዕን ዘፈር ቱሪዝም ኣብ ምዝማግን ብኡ ኣቢሉ ድማ እታ ሃገር ካብቲ ዘፈር ተረባሒት ንምግባር ኣብ ሓፈሻዊ ዘፈር ቱሪዝም ኢኮኖሚያዊ ኣስተዋፅኦ ክገብር ዘኽእል ኣካውንት ሳተላይት ቱሪዝም (TSA) ዝተባህለ ሳይንሳዊ ሲስተም ብምጥቃም 'ውን እናሰርሐ ይርከብ፡፡

ብሓፈሻ ኢትዮጵያ ወናኒት ብርክት ዝበሉ ታሪካዊ፣ ተፈጥራዊን ሃይማኖታዊን ቅርስታት ዋላ እንተኾነት ክሳብ ሕዚ ካብቲ ዘፈር ክርከብ ዝግበኦ እቶት እናተረኸበት ከምዘይኮነት መንግስቲ ነዚ ተገንዚቡ ዘፈር ቱሪዝም ንኢኮኖሚያዊ ዕቤት ዝህልዎ ኣስተዋፀኦ ንምምሕያሽ ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑን እናሰርሐን ይርከብ፡፡

ነቲ ዘፈር ንምንቕቓሕ ከም ፕሮጀክትታት «ገበታ ንሸገር»፣ "ገበታ ንሃገርን ንትውልድን ዝበሉ ፕሮጀክትታት ለሚያምን እናለምዑን ይርከቡ፡፡ ስለዚ ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ምልማዕ ቦታታት ቱሪዝም ውፅኢታዊ ስራሕ ተሰሪሑን እናተሰርሐን ዝርከብ ኮይኑ መንግስቲ ኣብ ምልማዕ ዘፈር ቱሪዝም ዝሰርሖም ዘለዉ ስራሕቲ ኢትዮጵያ ካብቲ ዘፈር ተጠቃሚት ክትኸውን ዝሕግዝ 'ዩ፡፡

ምስ እዚ ተተሓሒዙ እዞም ናይ ኣደባባይ በዓላት ኣብ ሞንጎ ህዝቢታት ጠንካራ ምትእስሳርን ሓድነት ብምፍጣር ርኡይ ረብሓ ካብ ምብርካት ሓሊፎም ፍልፍል እቶት ቱሪዝም ኣብ ምዃን ልዑል ግደ ስለዘዎም ብኣግባቡ ከንጥቐመሎምን ከንሕብሖምን ይግባእ፡፡


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ
**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

**እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡**

## ረብሓ ሃይማኖታውን ባህላውን ህዝባዊ በዓላት

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኢትዮጵያ ብርክት ዝበሉ ሃይማኖታውን ባህላውን ህዝባዊ በዓላት ኣለውዋ። ብፍላይ ኣብ ወርሒ መስከረም ብዙሓት ህዝባዊ በዓላት ኣለዉ። መስከረም መለወጢት ሓዱሽ ዓመት ጥራሕ እንተይኮነትስ ከም መስቀል፣ ኢሬቻን ዝበሉ ዓበይቲ ህዝባዊ በዓላት 'ውን ዘሓዘት ወርሒ 'ያ። ከምዚኦም ዝበሉ ህዝባዊ በዓላት ቱሪዝም ንምምዕባል ዓብዪ እጃም ኣለዎም። ነዞም በዓላት እዚኦም ንምዕዛብ ብርክት ዝበሉ ቱሪስትታት ይመፁ። እዞም ሃይማኖታውን ባህላውን ክብርታትት ኣጣሚሮም ዝሓዙ ህዝባዊ በዓላት እንትኽበሩ ካብ ምዕባይ ቱሪዝም ሓሊፉ ካልኦት ብዙሓት ረብሓታት 'ውን ኣለዎም። ከም መስቀልን ኢሬቻን ዝበሉ በዓላት እንተርኢና መስሕብ ቱሪዝም ካብ ምዃን ሓሊፎም ህዝቢ ምስ ህዝቢ ርክብ ክጥንክር ኣብ ምግባር ዘለዎም ረብሓ ብቀሊሉ ዝረአ ኣይኮነን።

በዓል ኢሬቻ ከንርኢ እንተለና እዚ በዓል እዚ ብብሄር ኦሮሞ ብድምቀት ስነ-ስርዓት ዝኽበር በዓል ኮይኑ ኣብ ከባቢ መወዳእታ ወርሒ መስከረም ካብ መላእ እቲ ክልል ሓሊፉ ኣብ ከም ክልልት ቤንሻንጉልን ጋምቤላን 'ውን ብድምቀት ዝኽበር 'ዩ። እዚ በዓል እዚ ንፈጣሪ ናይ ምስጋና በዓል ኮይኑ ነቲ በዓል ንምዕዛብ ካብ ውሽጥን ገደን ብዙሓት ቱሪስታት ዝመፅሉ ዓብዪ በዓል 'ውን 'ዩ። ከምዚኦም ዝበሉ በዓላት ንናይ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ካብ ምጥንኻር ሓሊፎም ካብ ውሽጢ ሃገር ይኹኑ ካብ ደገ ንዝመፁ ቱሪስትታት ፍሉይ ትዝታ ዝፈጥር ጥበባዊ እሴት ዝሓዘ 'ውን 'ዩ። እዞም በዓላት ኣብ ዘይድህሰስ ቅርሲ ዝምደቡ ኮይኖም ካብ ውሽጢ ሃገርን ደገን ኢትዮጵያውያን ይኹኑ ዘይኢትዮጵያውያን መፂኦም ዝዕዘብዎም ዓበይቲ በዓላት 'ዮም። ወርሒ መስከረም ቕነ ቱሪዝም 'ውን ብምዃና ኣብዛ ወርሒ እዚኣ መዓልቲ ቱሪዝም 'ውን ዝኽበረላ ወርሒ 'ያ።

ኢትዮጵያ ኣብዚ ሕዚ እዋን ተፈጥሯዊ፣ ባህላዊን ታሪካዊን መባፅሕቲ ቱሪስታት ካብ ምፍላጥ ጀሚራ ክጉብንዩ ዝመፁ በፃሕቲ ዓዲ ፃኒሕቶም ዝተናውሐ ክኸውን ምእንቲ ብኡ መሰረት ድማ ብዙሕ ገንዘብ ፈሰስ ክገብሩ፣ በዚ ድማ እታ ሃገር ብኢኮኖሚ ተጠቃሚት ክትኸውን ሓደሽቲ መባፅሕቲ ዓዲ እናልመዐት ትርከብ። ቱሪዝም እንትዓቢ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ሃገር ንምዕባይ ዘይነዓቕ ግደ ኣለዎ። ስራሕ ስእነት የቃልል፣ ሰብ መኪና፣ ሆቴልን ካልኦት ብዙሓት ኣካላትን ተጠቀምቲ ይግብር፤ ነዚኦም ብኣግባቡ ብምምሕዳርን ብምጥቃምን ሓደ ዓብዪ ናይ ኢኮኖሚ እቶት ኮይኖም ከግልግሉ ይኽእሉ 'ዮም። እዚኦም ብኣግባቡ ምስ እንጥቐመሎም 'ዩ ካብ ደገን ውሽጥን ብዙሓት በፃሕቲ ዓዲ (ቱሪስታት) ክውሕዙ ይኽእሉ። ብዙሓት ቱሪስትታ እንትመፁ ድማ ልዑል ናይ ኢኮኖሚ ምንቅስቓስ ይህልው፤ ልዑል ናይ ስራሕ ምንቅስቓስ እንትህሉ ድማ ብዙሕ ስራሕ ይፍጠር፤ ኢኮኖሚ ናይታ ዓዲ እናተማሕየሸ ይኸይድ። ስለዚ ቱሪዝም ሃገርና ብዝግባእ እንተተሰሪሕሉ ኣብ ዕቤት ኢኮኖሚ ዝህልዎ ኣስተዋፅኦ ዝዓዘዘ ስለዝኾነ ዜጋታት ኢኮኖሚያዊ ተጠቀምቲ ክኾኑ ይኽእሉ 'ዮም።

በዓላት ብትኽክል እንተተጠቒምናሎም ፍሰት ቱሪስት ክውሰኽ ስለ ዝኽእል ብርክት ዝበለ ሸርፊ ወፃኢ ክርከብ ይኽእል 'ዩ። ብፍላይ ሎሚ ዘበን መንግስቲ ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ነቲ ዘፈር ዘዐቢ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምስራሕ ጀሚሩ ኣሎ፤ ሓበሬታ ዝህብ ቴክኖሎጂ ንቱሪስት ዝጠቕሙ ነገራት ተዘርጊሖም 'ዮም። እዚኦም ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ። ናይ ውልቒ ወሃብቲ ግልጋሎት ትካላት 'ውን ብዝግባእ ግልጋሎት ንምሃብ ድልዋት ክኾኑ ይግባእ።

ከምዚኦም ዝበሉ ንሃገር ዓብዪ ትርጉም ዘለዎም ዓበይቲ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት እንትነኽብር ነቶም በዓላት ብትኽክል ብዝገልፁ ኩነታት ክኸውን ይግባእ፤ ብፍላይ ሓድነት ህዝቢታት ብዘጣናኽርን ንቱሪዝም ብዘዕብን መልክዑ ክኸውን ኣለዎ። እዞም ከምዚኦም ዝበሉ በዓላት ብኣንፃር ዕቤት ቱሪዝም ዓብዪ ረብሓን ትርጉምን ዘለዎም በዓላት 'ዮም። እዞም

> **ባህላውን ሃይማኖታውን ህዝባዊ በዓላት ቱሪዝም ካብ ምዕባይ ብተወሳኺ ሓድነት ህዝቢታት ኣብ ምጥንኻር ዘለዎም እጃም ልዑል 'ዩ**

በዓላት እዚኦም ፍልፍል ቱሪዝም ሃገርና ከም ምዃኖም መጠን እዞም ፀጋታት ቱሪዝም መጀመርታ ባሕላዊን ሃይማኖታውን ትሕዝቶኦም ከይተበረዘ ክኽበሩ ኣለዎም። ንማሕበረሰብ ዓለም ብዝግባእ ኣብ ምፍላጥ ቐላሕታ ሂብካ ክስረሐሉ 'ውን ኣለዎ።

ብሓፈሻ ረብሓ ህዝባዊ በዓላት ብትኽክል ተረዲእና ፍልፍል እቶት ንምግባር ኩልና እጃምና ክንዋፃእ ኣለና። እዞም ከም መስቀል፣ ኢሬቻ፣ ጥምቐትን ካልኦትን ኣብ ኣዳባባይ ዝበዓሉ ህዝባዊ በዓላትን ካልኦት ታሪኻዊ ቦታታት ብኣግባቡ ንዓለም ማሕበረሰብ ምልላይ፣ መዘናግዒ ቦታታት ምስፍሕፋሕ፣ ንበፃሕቲ ዓዲ ምቹው ኩነታት ብምፍጣር እንተተሰሪሑ ዓውዲ ቱሪዝም ዝያዳ ክዓቢ ይኽእል 'ዩ። ሕፅረት ሸርፊ ወፃኢ ኣብ ምቕላልን ቑፅሪ ስራሕ ስእነት ኣብ ምቕናስን ብሓፈሻ ኢኮኖሚ ሃገር ኣብ ምድንፋዕ ርኡይ ተራ ክፃወቱ ምግባር የድሊ።

ባህላውን ሃይማኖታውን ህዝባዊ በዓላት ቱሪዝም ካብ ምዕባይ ብተወሳኺ ሓድነት ህዝቢታት ኣብ ምጥንኻር ዘለዎም እጃም ልዑል 'ዩ። እዞም በዓላት እዚኦም ዓውደ ቱሪዝም ንምዕባይ ዘለዎም ግደ ብትኹረት እንተተሰሪሕሉ ብዙሕ ረብሓ ከምፅኡ ከምዝኽእሉ እሙን 'ዩ። ስለዚ ክልል ትግራይ ብሓፈሻ ኢትዮጵያ ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ በዓላት ብዕቱብ ብምስራሕ ናብ ኢኮኖሚያዊ ርብሓ ምቕያር ይከኣል 'ዩ። ሃፍቲ ቱሪዝም ብዝግባእ ምጥቃም እንተተኻኢሉ ናይ ሓንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ካብ ምዕባይ ሓሊፉ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘለዎም ርክብ ብምጥንኻር ሓድነት እቶም ህዝቢታት ዘማዕብል 'ውን 'ዩ። ባህላውን ሃይማኖታውን ህዝባዊ በዓላት ቱሪዝም ካብ ምዕባይ ብተወሳኺ ሓድነት ህዝቢታት ኣብ ምጥንኻር ዘለዎም እጃም ልዑል 'ዩ።

# እዋናዊ ዛዕባ



# በዓል መስቀል መስሕብ ቱሪዝም ሃገር

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

በቢ ዓመቱ 17 መስከረም ዝኽበር በዓል መስቀል ደመራ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሃገርና ሎምን ፅባሕን ክኽበር ‘ዩ። ኣብቲ ስነ-ስርዓት ኣቦታት ሃይማኖት፣ ኣገልገልቲ ቤተክርስትያን መናእሰይ፣ ተኸተልቲ እቲ እምነት፣ ሰበ ስልጣን መንግስቲ፣ ዲፕሎማት፣ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝመፁ ዑደተኛታት ከምኡ ‘ውን ካልኦት ኣጋይሽን ዝዕድም ‘ዩ። ደመራ መስቀል ኣብ ዝተፈላለየ ክፍታት ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያን ኣብ ዝርከብሉ ሃገራት ዓለም ‘ውን ብድምቐት ዝኽበር ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቐለሉ መስቀል ካብ ዝጠፍኣሉ ዝተረኸበሉ ዘበስር ዓብይ በዓል ‘ዩ። በዓላት ኣደባባይ ብፍላይ ድማ ከም መስቀል ዝበሉ ንዘፈር ቱሪዝም ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ይፍለጥ። እዚ ዘፈር ምዕባይ ድማ ከም ሃገር ዓብይ ግደ ኣለዎ።

ኣብ ዕብየት ዘላ ሓንቲ ሃገር ቱሪዝም ዓብይ ኣታዊ ‘ዩ። ኣብ ዑደኘታታት ዓይኒ ክኣቱ ዝኽእል ዘለዋ ሃፍቲ ብምክብኻብ ዑደኛታት ናብ ሃገር ውሸጢ ብትደጋጋሚ ንክኣትዉ ብምግባር ኣታዊ ቱሪዝም ክብ ምባል ይከኣል ‘ዩ። እዚ ንክኾን ድማ ኣብ ሃገር ሰላምን ምርግጋፅን ክህሉ ግድን ‘ዩ። ካብ ዝተፈላላየ ክፍልታት ዓለም ዑደተኛ ዝመርፆ ናይ መጀመርታ መመዘኒ ሰላምን ምቾትን ስለዝኾነ።

ምኽንያቱ ሰላምን ቱሪዝምን ዘይነፃፀሉ ‘ዮም፤ ብዘይ ሰላም ምንም ዓይነት ምንቅስቀሳስ ቱሪዝም ክህሉ ኣይኽእልን። ብፍላይ ዓለም ለኸ ዑደተኛታት ኣብ ዓለም ብዙሓት ደረጃኦም ዝሓለዉ ሃገራት ዑደት ናይ ምግባር መማረፂ ዘለዎም እንተኾነ ‘ውን ልዕሊ ኹሉ ቕድሚያ ዝህብዎ ግና ሰላም ዘለዎ ኸባቢ ‘ዩ። ቱሪዝም ‘ውን ንሰላም ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ፍሉጥ ‘ዩ። እዚ ስዒቡ ድማ ኣብ ሃገርና ካብ ዝኽበሩ በዓላት ኣደባባይ ከምኡ ‘ውን ብዑደኛታት ዓብይ ትኹረት ዝወሃቦም ወርሒ መስከረም ሒዝዎም ዝመፅእ በዓል መስቀልን ኢሬቻን ብሰላም ንክዛዘሙ ናይ ኺሉ ሓላፍነት ዝጠልብ ‘ዩ ።

በዓል መስቀል ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ብሃንቀውታ ትፅቢት ዝግረሉን ብድምቀት ዝኽበር በዓል ‘ዩ ። ኣብ ትግራይ እንተርኢና ድማ ብፍላይ ኣብ ዓድግራትን ህዝቢ ብሄረሰብ ኢሮብን በዓል መስቀል ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብዝደመቐ ኣግባብ ዘኽብሮ ባህላውን ሃይማኖታውን በዓል ‘ዩ። ሰባት መስቀል ንምኽባር ከካብ ዘለውዎ ናብ ከባቢኦምን ናብ ቤተሰቦምን ተጓዒዞም ዘኽብርዎን በዓል ከምዝኾነ ይፍለጥ። ከባቢ ዓጋመ ኢሮብ ከምኡ ‘ውን ኣብ ጉራጌን ፍሉይ ቆላሕታ ዘለዎን ቤተሰብ ንቤተሰብ ዝጠያየቁሉን ንሓድሽ ዘመን ከም መጀመሪ ብምጥቃም ከም ሓድሽ ዝጅመረሉ በዓል ‘ዩ። በዓላት ኣደባባይ ኣከባብረኦም ‘ውን ኣብ ኣደባባይ ስለዝኾነ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህላውን ሃይማኖታውን ረብሓታት ንዓለም ኣብ ምፍላጥ ዓብይ ግደ ኣለዎም ፤ እዚ ድማ እቲ ሓደ በዓል መስቀል ‘ዩ።

እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ ሓደ ማሕበረሰብና ሃይመኖታውን ባህላውን ባዓላት ተግባራት ብነፃት ብምኽባር እዚ ናይ ኣደባባይ በዓል ንዓለም ኣብ ምፍላጥን ኣብ እታዎት ቱሪዝምን ዓብይ ግደ ስለዘለዎ ‘ዩ። ከምኡ ድማ ባዓላት ኣደባባይ ዝተፈላለየ ማሕበረሰባዊ ባህላዊ ክንውን ኣብ ምርኣይን ምፅብራቕን መንነትና ብምግላፅ ዓብይ ግደ ዝፃወቱ ‘ዮም ። ካብ ቱሪዝም እታዎት ብተወሳኺ ድማ ህዝብና እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ዘለዎ ፍቕሪ ዝገልፀሉን ሓድነቱ ዘጠናኽረሉን ኢትዮጵያውነት ዘተኣሳስር ኣጋጣሚ ‘ዩ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ህዝብታት ፍቕርን ሰላምን ሓልዮትን ኣብ ምፍጣር እዚኦም በዓላት ወሰንቲ ከምዝኾኑ ተንከባኪብና ክንሕዞም ይግባእ።

ኢትዮጵያ ብዝሓዘቶም ሃፍቲ ዓቕሚ ቱሪዝም ንምፍላጥ ዝሕግዝ ካብ ካብ መዓልቲ ቱሪዝም ዓለም ቕድም ኢላ መስከረም 7 ክሳብ 9/2017 ዓ.ም ኣብ ኢትዮጵያ መዓልቲ ቱሪዝም በዝተፈላለዩ ምድላዋት ኣኽቢራ ‘ያ። መዓልቲ ቱሪዝም ዓለም ካብ 1980 ዓ.ም ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ጀሚሩ በቢዓመቱ መስከረም 17 ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ዝኽበር እንተኾነ ‘ውን ቕድም ኢሉ ኣብ ኢትዮጵያ መዓልቲ ቱሪዝም በዝተፈላለዩ ምድላዋት ካብ ምኻባራ ብተወሳኺ ብዙሕ ረብሓ ክህብ ትፅቢት ዝተገበረሉ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ዕላዊ ምግባሩ ይዝከር። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ዘፈር ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ብሩህ ተስፋ ከንፀላልው ዝገበረን ብሓፈሻ ኢትዮጵያ እዚ መድረኽ ቱሪዝም ምድላዋ ንኻልኦት ሃገራት ‘ውን ሃፍቲ ቱሪዝምን ንከፋልጣን ኣብ ሞነጎኣን ድማ ምትእስሳር ንክፈጥራ በሪ ዝኸፍት ከምዝኸውን ይእመን።

እቲ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ናብዛ ሃገር ክንደይ ዝኣኽሉ በፃሕቲ ዓዲ ከምዝመፅኡን፣ ክንደይ ዝኣክል ግዘ ከምዝፀንሑ፣ ኣብ ኢኮኖሚ ክንደይ ዘኸውን ፈሰስ ከምዝገበሩን እቲ ዓውዲ ቱሪዝም ምስ ካልኦት ዓውድታት ዘለዎ ምትእስሳር ንምፍላጥን ካልኦት ረብሓታት ከምዘርክብ ‘ውን ተፈሊጡ ‘ዩ። ረብሓ እቲ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ሓሳቦም ዝሃቡ ገለ መዳርገቲ ኣካላት ከምዝበልዎ፤ ዘፈር ቱሪዝም ኢትዮጵያ ብታሪኻዊ፣ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ሃፍትታት መስሕብ ቱሪዝም እንተሃለዋ ‘ውን ክሳብ ሕዚ ብኣግባቡ ከምዘይተጠቐመትሉን፤ ኣብ ልምዓት ቱሪዝም መረዳእታ ብምእካብ ዝስንድ ሳትላይት ኣካውንት ቱሪዝም ብዘይምንባሩ እቲ ዘፈር ተጎዲኡ ከምዝነበረን ሐዚ ግና እዚ ብምቕራፉ ነቲ ዘፈር ዓብዪ ዓወት ከምዝኸውን ከምዝተገለፀ ይዝከር።

በዓላት ኣደባባይ ኣታዊ ቱሪዝም ካብ ምዕባይን ገ ፅታ ሃገር ኣብ ምህናፅ ዓብይ ግደ ‘ዩ ዘለዎም። ካብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዑደት ዝገበሩ ኣካላት ብምብዛሕ ናይ ሃገር ፍልፍል እቶት ንክዓቢ ዝገብር ‘ዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም መድረኽ ኣብ ዩኔስኮ ዘመዝገበቶም ባዓላት ኣደባባይ ዝበለፀ ተዝስረሐሎም ንሃገርና ተወሳኺ ናይ ወፃኢ ሸርፌ ናይ ምምፃእ ዓቅሚ ኣለዎ። ምኽንያቱ እዚኦም በዓላት ወፃእቲ ዓዲ መፂኦም ዑደት ንክገብሩ ዕድል ዝህብን ምቸው ዝባሃል ኣጋጣምን ‘ዩ። ምስ እዚ ተተሓሒዞ ሆቴላት፣ ባህላዊ መጋየፅታት ፣ ባህላዊ ኣልባሳት ሃገር ቦቀል ዝኾኑ ናውቲ ንክፍለጡ ዕድል ዝኸፍትን ነቶም ኣምረቲን ግልጋሎት ወሃብትን ዓብይ ኣታዊ ‘ዩ ዘኾን ።

በዓል መስቀል ድማ ፍሉይ ዝኾነ ክንውነ ስለዘለዎን ኣብ ዝተፈላላየ ክፋላት ሃገርና ብድምቀት ስለዝኽበርን ዑደተኛታት ናብቲ ዝኽበርሉ ቦታ እንትኸዱ ሆቴላትን ካልኦት ግልጋሎትን ተረባሕቲ እንትኾኑ እቲ ሃይማኖታዊ ኣከባብራ ድማ ንዓለም ንክፍለጡ ዝገብር በዓል ‘ዩ። እቶም ዑደት ዝገብሩ ዝመፁ ኣጋይሽ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ተረዲኦም ናብ ሃገሮም እንትምልሱ ዓመት ዓመት ተመሊሶም ንክመፁን ስለ ኢትዮጵያ ፅቡቕ ምስሊ ብምግዋሕ ካልኦት መፂኦም ዑደት ንክገብሩ ናይ ምግባር ዓቕሚ ስለዘለዎም ኣብ ዑደኛታታ ክብሪ ዝተመልኦ ኣቀባብላ ግድን ‘ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ወፃእቲ ዓዲ እንትመፁ ካብ ዝምልከተዎምን ዝሰሓብሎምን ትኽክልኛ ናይቲ ማሕበረሰብ ባህሊ ስለዝኾነ እቲ ናትና እንብሎ ኢና ክነንፀባርቕ ዘለና። ስለዚ ብጥንቃቐ ኣብ ዘይተበረዘ ባህልና ኢና ትኹረት ክንገብር ዝግባእ። በዓል ኢሬቻ ኾነ በዓል መስቀል ታሪካዊ ባህላዊ ሃይማኖታዊ ትውፊቱ ዝሓለወ ትሕዝቶ ዘለዎ ንዘመናት ዘሻግርን ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ንሃገርና ብመልክዕ ቱሪዝም ምስ ዓለም ነላልየሉ ዓብይን ትኹረት ብዙሓት ዝሰሓበ በዓል ‘ዩ ።

ኢትዮጵያ ብታሪኻዊ፣ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ሃፍትታን መባፅሕታት ቱሪዝምን ዝማዕበለት ሃገር ‘ያ። እዚ ድማ ብኣግባቡ ክንጥቀመሉን ናብ ረብሓ ክንቕይሮ ‘ዩ ዝግባእ። ብተወሳኺ ሃፍቲ ቱሪዝም ሸርፌ ወፃኢን ናይ ስራሕ ዕድል መፍጠሪ ዘርፍን ብሓፈሻ ዓምዲ ዕብየት ሃገር ምኻኑ ጋህዲ ‘ዩ። ብምኻኑ ድማ እዚ ኣቕሚ ሃፍቲ ትኹረት ብምግባር ካብቲ ዘፈር ሃገር ዝግበኣ ረብሓ ንምርካብ ብመንግስቲ እናተገበረ ዘሎ ፃዕሪ ዝበረታታዕ ከምኡ ‘ውን ባዓል ዋና እቲ በዓል ዝኾነ ህዝቢ እቲ ባዓል ኣብ ምኽባር ዓብይ ሓላፍነት ክወስድ ይግባእ። ቱሪዝም ንክስፋሕፋሕ ብፍላይ ኣብቲ ዘፈር ንዝተሰማረዩ መዳርግቲ ኣካላት ኢንቨስትመንቶም ንምስፍሕፋሕን ካብቲ ዘፈር ተጠቀምቲ ንክኾኑ ዓብዪ ረብሓ ክምዝህልዎ ዝፍለጥ ‘ዩ።

## ዕዱም ጋሻ

# “መስቀል ኣብ ዓለምና ዝዓበየን ዝኸበረን ከም ፃዕዳ ርግቢት ተምሳሌት ሰላምን ዕርቅን ‘ዩ”

- መምህር ብርሃነሂወት ግርማይ

ኣብርሃ ሓጎስ

ሃገርና በዓልቲ ብዙሕ ሕብራዊ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ዝኽበረላ ”ያ። ኣብዚ ወርሒ እኳ መስወጢ ዘመን ሓዱሽ ዓመት ሓዊሱ ብዙሓት ዓበይቲ በዓላት ዝተኽበሩላን ዝኸበሩላን ”ያ። ፅባሕ ዝኽበር ሃይመኖታዊ በዓል መስቀል ሓዊሱ ባህላዊ በዓል ኢሬቻ ኦሮሞ ዝኽበሩላ ”ውን ”ያ። በዚ ምኽንያት ብምገባር ”ውን ናይ ሎሚ ጋሻና ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሃገረስብከት መካነ ሰማእት ቂርቆስ ቤተክርስተያን ሰባኬ ወንጌል ዝኾኑ መምህር ቀሲስ ብርሃነሂወት ግርማይ፤ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝገበርዎ ፃንሒት ብዛዕባ መበገሲ ኣከባብራ በዓል መስቀልን ኽብርታቱን እቲ በዓል ኣብ ማሕበራዊ ሂወተና ሰላም፣ ፍቅሪን ሓድነትን ኣብ ምብርትታዕ ዝህቦ ረብሓን ከምኡ ”ውን ነዛ ሃገር ቱሪዝም ኣብ ምስሓብ ዝህለዎ ግደ፣ ካብ ኣስተምህሮታት እቲ በዓል ዝርከብ ትምህርታትን ካልኦት ጠቀምቲ መልእኽታትን ዘሕለፉሉ ፃኒሒት ከምዚ ዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣልና ሰናይ ንባብ:-

**ወጋሕታ:- በዓል መስቀል ብፍላይ ንማሕበረሰብ ኣማኒ ክርስትና ዘለዎ ትረጉምን ረብሓን እንታይ ይመስል?**

**መምህር ብርሃነሂወት:-** ሕፅር ብዝበለ እንትግለፅ፤ መስቀለ ክርስቶስ ወይ መስቀል ብዝብል ብብሉይ ኪዳን ‘ውን ብስርዓት ሮማውያንን ኣይሁዳውያንን ናይ ባዕሉ ዘኾነ ስፍሕ ዝበለ ታሪኽ ኣለዎ ‘ዩ። ሐዚ ንምሕፃር ክንብል ናብኡ ኣይነኣቱን። መሰረታዊ ወይ መበገሲ ትሕዝቶ እቲ ሐዚ እንኽበረሉ ዘለና ምኽንያትን ንኣማኒ ዘለዎ ረብሓን እንተኢልና፤ መስቀል ማለት ናይ ምድሓን ቃል፣ ናይ መተዓረቒ ቃል ‘ዩ። መስቀል ማለት ኣብ ሞነጎ ክልተ ህዝብን ኣህዛብን ተባሂሎም ዝፍለጡ ዝነበሩ ብስርዓት፣ብሃይማኖትን ብባህልን ተፈላልዮም ዝነበሩ ናብ ሓደ ዝኣከበን ፅልእን ህውከትን ከም ጎቦ ከይኑ ፈልይዎም

ስለዚ መስቀል ማለት ናይ ቅድስና ቃል ‘ዩ። ከምኡ ‘ውን ንሓደ ክርስትያን ክርስትያን ኮይኑ ክነብር ከሎ ዝገለፀሉ ማንነት ‘ዩ። ንከፀውም፣ ንክፅሊ፣ ንክምፅውት፣ በዓላት ንከኽብር፣ ሰላም ክፈጥርን ኣብ ሞነጎ ዝተፃልኡ ከተዓርቅ ዝገብር ዘገድድን መንገዲ ኩሉ ናይ መስቀል ስርዓትን ኣስተምህሮን ተባሂሉ ይፍለጥ።

መስቀል ክንብል ከለና ዘድህሰስን ዘይድህሰስን ኢለካ ክትኽፍሎ ዝትኽእል’ዩ። እቲ ዘይድህሰስ እንብሎ፤ በዓል ምኽባር ነቲ መስቀል ዝግባእ ኽብሪ ብምሃብ፤ ኣብቲ በዓል ዝጠመዩ፣ ዝፀምኡን ዝዓረቑን ክበልዑ፣ ክሰትዩን ክለብሱን ዘተፃልዑ ክዕረቑን ዝገብር ከይዲ ኣስተምህሮ፣ ኣፈፃፅማን ኣሰራርሓን ኩሉ ዘይድህሰስ መስቀል ንብሎ። ስለዚ መስቀል ማለት ናይ መተዓርቒ ናይ ድሕነት ቃል ‘ዩ። እቲ ዝድህሰስ መስቀል ድማ ባዕሉ እቲ መስቀል ኮይኑ ኣርማን ሎግን መለለይ መታወቅያ ክንብሎ እንኽእል ማለት ‘ዩ።

**ወጋሕታ:- በዓል መስቀል ኣብ ማሕበራዊ ሂወተናን ኣብ ሞነጎ ህዝብታትን ሰላም፣ ፍቅሪን ሓድነትን ኣብ ምብርትታዕ ዝህቦ ረብሓ ኣለዎዶ? እንታይ ምስል?**

**መምህር ብርሃነሂወት:-** እወ መስቀል ኣብ ማሕበራዊ ሂወትናን ኣብ ሞነጎ ህዝብታን ዝፍጠር ሰላምን ሓድነትን ከመይ የበረታትዕ ንዝብል ኩለና ከም እንፈልጦ ዝበዝሐ ማሕበረሰብ ዓለምና ኣብ ሃይማኖት ክርስትና ክኣምን ከሎ ኣብ ውሽጡ ነኒ ባዕሉ ስርዓት ከምዘለዎ ኮይኑ ኣብ ናይ ካቶሊክ፣ ፕሮቲታንትን ኦርቶዶክስን ክርስትና ሃይማኖታት መስቀል ኣሎ ‘ዩ። እዚ መስቀል ኣብ ዓለምና ዝዓበየን ዝኸበረን መግለፂ ሰላምን ዕርቅን ኮይኑ ‘ውን ንዓለምና የገልግል ኣሎ። ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ መስቀል ፍልይ ዝበለ ክብሪ ኣለዎ ‘ዩ።

በዓል መስቀል ቅድሚ ዓሰርተ ኣርባዕተ ክፍል ዘመን ኣብ ቤተክርስትያን ውሽጢ ጥራሕ ‘ዩ ዝኽበር ነይሩ፤ ብድሕሪኡ ግና ኣብ ሓደ ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ሸውዓተን ዓ.ም መንግስቲ ዝመስረቱ ሃፀይ ዳዊት ምኽንያት ግማደ መሰቀሉ ካብ ግብፂ ናብ ኢትዮጵያ መፂኡ ትምህረቲ ‘ውን ምስተውሃበ ከም ሃገር ሃይማኖታውን ማሕበረሰባውን በዓል ኣደባባይ ኮይኑ ክኽበር ጀሚሩ። ስለዚ ኣብዚ ኣከባብራ በዓል ‘ዚ ካብቲ ሃይማኖታዊ ኣከባብራ ብተወሳኺ ናይቲ ሕብረተሰብ ናይ ሓዱሽ ዓመት መእተዊ ምስ ምዃኑ ኩሉ ማሕበረሰብ ብሓዱሽ መንፈስ ብሓዱሽ ትልሚን ኣተሓሳስባን ክሰርሕ ዝብገሰሉ፣ብኽረምቲ ምኽንያት ተበታቲኑ ዝነበረ ዘመድ ኣዝማድ ናብ ሓደ ተኣኻኺቡ ዝራኸበሉን ብፍሉይ ዓለባ ዓዲ ደሚቁ ዘኽብረሉ በዓል ብምዃኑ ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ።

ማሕበረሰባዊ በዓልነቱ ምስ ናይ ካልኦት ማሕበረሰባዊ በዓላት ኣብ ዓለም ክርአ ከሎ ‘ውን ፍልይ ብዝበለ ገልገለ መስቀል ሒዝካ ዝኽበር ምዃኑ ደስ ዝብል ሰሓባይን ነቲ ሕብረተሰብ ሓዱሽ መንፈስ ምልዕዓል ዝፈጥር ሃይማኖታውን ማሕበረሰባውን በዓል ‘ዩ።

እዚ በዓል ነቲ ሕበረተሰብ ከመይ ንገለፀሉን ንርድኦን ዝብል ሓደ ቃል ኣምላኽ ምጥቃስ ስለዘድሊ ኤፌሶን ምዕራፍ 2 ፍቅዲ13 ከሳብ 15 ኣብዘሎ ከምዝብሎ “እሱ ሰላምና እዩ” ንሱ ሰላምና ኣርማና ‘ዩ። ሓንቲ ሃገር ባንዴራ ከምዘለዋ ክርስትና ‘ውን መለለይኣ መስቀል ‘ዩ። መሰቀል ናይ ሰላም ምልክት ‘ዩ። መሰቀል ከምፃዕዳ ርግቢት ተምሳሌት ሰላም ‘ዩ። ኣብ ዓለም ብመሰቀል ሰላም ፍቅሪን ሓድነትን መፂኡ ‘ዩ። ናይ መስቀል በዓልን ክብርን ዝተረድአ ኩሉ ሰብ ድማ ሰላማዊ ይኸውን ሰላም ‘ውን ይሰብኽ ማለት ‘ዩ። ስለዚ መስቀል ምስ ሰላም ‘ውን ዓብይ ርክብ ዘለዎ ዓብይን ቅዱስን በዓል ‘ዩ።

**ወጋሕታ:- በዓል መስቀልን ካልኦት ናይ ጎዳና በዓላትን ኣብታ ሃገር ቱሪዝም ኣብ መስሓብ ዘለዎ ግደ እንታይ ይመስል?**

**መምህር ብርሃነሂወት:-** ቱሪዝም ብዝምለከት በዓል መስቀል ብብርኪ ሃገር ኣብ ዩኔስኮ ካብ ዝተመዝገቡ ሓደ ኾይኑ፤ ኣብቲ ኣከባብራ በዓል መስቀል ‘ውን ዝርኣዩ ደስ ዝብሉ ፅቡቃት ነገራት ኣለው ‘ዮም። ሓደ እቲ ሕብረተሰብ ናይ ሰላም፣ ጥንታዊ፣ ናይ ሃይማኖት ማሕበረስብ ብምዃኑ እቲ በዓል ኣከባብራ ይገንን። ኣብቲ በዓል ኣከባብራ ብፍላይ ብናይ ቅዱስ ያሬድ ዜማ፣ ወረብን ቅኔን ተዓጅቡ ዝኽበር ምዃኑ ፍሉይ ድባብ ይፈጥር። እቲ ሕብረተስብ ‘ውን ብዓለባ ዓዲ ብጥለፊ ደስ ብዝብል ወቂቡ ክወፅእ ከሎ ዓለም ነዚ ማሕበረስብ ክብሪ ይህብ። ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ተኸባቢሩ ዝነብር ምዃኑን ናይ ሰላም ማሕበረሰብ ምዃኑ ነቶም በፃሕቲ ዓዲ ‘ውን ዝገልፅ ፍሉይ በዓል ብምዃኑ ንቱሪዝም ዘለዎ ረብሓ ልዑል ‘ዩ። ብተወሰኺ ናብዚ ዝመፅእ ቱሪስት ካብዚ ብዙሕ ተማሂሩሉ ክኸይድ ኣንሕና ‘ውን ዝተፈላለየ ረብሓታት ክንረክብ የኽእለና ‘ዩ። ብሓፈሻ ኣከባብራና ናይ ስላም ናይ ምክብባርን ፍቅርን ስለዝኾነ፤ ብፍላይ ንቱሪዝም መስሕብ ልዑል ግደ ካብ ዘለዎም ዝተፈላለዩ በዓላት ‘ውን ሓደ ብምዃኑን ከም በዓል ጥምቀት ዝበሉ ካልኦት ባህላውን ማሕበረሰባውን በዓላት ኢትዮጵያ ድማ እዚ በዓል ጥንታውነቱን ክበርታቱን ሓልዩ ዝኸበረሉ በዓል’ዩ።

ኣብዚ በዓል ምትሕግጋዝን ኩሉ ፀጊቡ ዝውዕለሉን ካብ ወዲ ሰብ ሓሊፉ እንስሳት ‘ውን ጠምየን ከይውዕላ ብፍሉይ ኣብ ለምለም ሳዕሪ ዘለዎ ንክበልዓ ብምግባር ፀጊበን ዝውዕለሉ በዓል ‘ዩ። ስለዚ ምስዚ ተተሓሒዙ እዚ ሒዝናዮ ዘለና ሓዱሽ ዓመት ‘ውን ስለዝኾነ ናይ ፍቅሪ፣ ናይ ሰላም፣ ናይ ፅጋብ፣ ናይ ራሕዋ፣ ናይ ምርድዳእን ምትሕግጋዝን ዘመን ክኸውንን ኣብዚ በዓል ዚ ዓሊምካ ተሊምካ ዝትኸደሉ ‘ውን ከምዘኾነ ካብ ባህሊ ማሕበረሰብና ምርዳእ ይከኣል ‘ዩ።



> **ኣብዚ በዓል ምትሕግጋዝን ኩሉ ፀጊቡ ዝውዕለሉን ካብ ወዲ ሰብ ሓሊፉ እንስሳት ‘ውን ጠምየን ከይውዕላ ብፍሉይ ኣብ ለምለም ሳዕሪ ዘለዎ ንክበልዓ ብምግባር ፀጊበን ዝውዕለሉ በዓል ‘ዩ**

**ወጋሕታ:- ካብ በዓል መስቀል እንታይ ክንምሃር ንኽእል? ብፍላይ ምስቲ ፀላእቲ መስቀል ንክርሳዕ ተባሂሉ ጎቦ ዝኣክል ጎሓፍ ኣብ ልዕሊኡ ኣፍሲሶም እንተቀበርዎ”ውን ተቀቢሩ ክተርፍ ብዘይምኽኣሉ ተተሓሓዙን “ፈትሲ ሓቂ ትምንምን እምበር ኣይትብጠስን” ምስ ዝብል ምሳስ ወስዲ እንታይ ንምሃር?**

**መምህር ብርሃነሂወት:-** ከምዝፍለጥ እዚ ዝተብሃለ ብመስቀል መድሓኒትናን ፅልኢ ሓዲርዎም ስለዝነበረ እቶም ዝሰቀለዎን ብዙሕ መከራን ዘብፅሑሉን ሞት ዘፈረዱሉን ጎይታና እየሱስ ክርስቶስ እቲ መሰቀሉ ‘ውን ዕወራት የብርህ፣ ምውታን የተስእን ካልኦት ኣምላካዊ ፀጋታት ተኣምራትን የርኢ ስለዝነበረ፤ በዚ ምኽንያት እዚ ኣይሁዳውያን ንመሰቀለ ክርስቶስ ቀቢሮምዎ ‘ዮም። ንልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ዓመት ተቀቢሩ ድሕሪ ምፅናሕ ብፈቃድ እግዚኣብሄር ብምኽንያት ንግስቲ ኢሌኒ፣ ዓብይ ቆስጠንጢኖስን ብካህን ኪራቆስ እቲ ዝተቀበረሉ ቦታ ንምርካብ ዓብይ ደመራ ተደሚሩ ትኪ እቲ ደመራ ድማ ናብ ሰማይ ወፂኡ ናብቲ መስቀል ዝተቀበረሉ ቦታ ምልክት ስለዘርአየ ብኡ ኣቢሎም ደማ ካብቲ ተቀቢረዎ ዘነበረ ኩዒቶም ኣውፂኦም ‘ዮም። በቲ መስቀል ‘ውን ዝተፈላለዩ መደነቕቲ ተኣምራት ተሰሪሖ ‘ዩ። በዚ መሰረት ኣብ መስቀል ዘነበረ ሓቂ ቀቢሮም ከትርፈዎ ሞኪሮም ‘ዮም። ይኹን ‘መበር ማዕተብ ሓቂ

ወጋሕታ **ዜና**

# “መስቀል ኣብ ዓለምና ዝዓበየን ዝኸበረን. . .

ትምንምን እምበር ኣይትብጠስን” ከምዝበሃል ሓቂ ኩሉ ግዘ ተቀቢራ ኣይትተርፍና ‘ያ። ስለዚ ንሃገሩ፣ ንህዝቡን ንሃይማኖቱ ይፈትው ‘የ ዝብል ኩሉ ሓቂ ሒዙ ክሰርሕ ኣለዎ።

**ወጋሕታ:- ኣብ ሃገርና ዝኽበሩ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ኸመይ ክኽበሩ ከለው ”ዩም ዝበለፀ ረብሓ ክህልዎም ዘኽእል?**

**መምህር ብርሃነሂወት:-** ሃይማኖታውን ማሕበረሰባውን በዓላት ክኽበሩ ከለው፤ ናይ ኩሉ መሰረቱ ሰላምን ምኽብባርን ‘ዩ። ስርዓት ሃይማኖት ንከትፍፅም እቲ መጀመርያ ዘድሊ ሰላም ‘ዩ። ንጉስ ዳዊት ንሰላም ተኸተልዋ ድለይዋ ‘ውን ይብል ‘ዩ ‘ሞ ንኹሉ መሰረቱ ሰላም ‘ዩ። ሃይማኖታዊ በዓል ህዘባዊ በዓል ማለት ‘ዩ። ህዝባዊ በዓል ‘ውን ሃይማኖታዊ በዓል ማለት ስለዝኾነ በዓል መስቀል ህዝባዊ በዓል ‘ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ካልኦት ህዝባዊ ዝኾኑ በዓላት ‘ውን ዝፃረር ንሰላም ዝፃረር ሃይማኖታዊ ኣስተምህሮ ‘ውን የለን ‘ዩ። ንውልቀ ረብሕኦም ንስልጣኖም ክብሉ ጠምዚዞም ሰፊሕ ማሕበረሰብ ዝጎድእ ተግባር ዝፍፅሙ ውልቀ ሰባት ግና ክህልው ይኽእሉ ‘ዮም።

በዓል ከመይ ክኸበር ኣለዎ ናብ ዝብል ክንምለስ ከለና ሃይማኖታዊ በዓል በሃይማኖታዊ ስርዓት ማሕበረሳባዊ በዓል ብማሕበረሰባዊ ስርዓት ‘ዩ ክኸበር ዘለዎ። በዓል ሓደ ማሕበረሰብ እንትተኻኢሉ ነቲ ካሊእ ማሕበረሰብ ‘ውን ብዘሳትፍ መልክዕ ሕጉስ ኮይኑ ክኸበር ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ድማ ነኒ ባዕሎም ብምኽብባርን ብምትሕስሳብን ሰላማዊ ብምዃን ከኸበር ኣለዎ። ካብዚ ወፃኢ ኣነ ጥራሕ ዝብል መንፈስ እንተሃለዩ ግና ተቐባልነት ዘለዎ ኣይከውንን፤ ማሕበረሰብ ዓለም ‘ውን ከኽብረና ኣይኽእልን ክበፅሓና ‘ውን ኣይመፅእን። ስለዚ ሃይማኖት ምስ ሃይማኖት ማሕበረሰብ ምስ ማሕበረስብ ተኸባቢሩ፣ ተደጋጊፉ፣ ተኸኣኢሉን ተሓጋጊዙን ክኽብሮ ይግባእ።

ብተወሳኺ ብፍላይ ኣብ እዋን በዓላት እቲ ዘለዎ ንዝይብሉ ወገኑ ንዝጠመየን ዝፀምኣን ብምበላዕን ብምስታይን ተሓጋጊዙ ክኽብሮ ከሎ ‘ዩ ዝበለፀ እቲ በዓል ረብሓ ዘለዎ ዝኸውን። ስለዚ እዚ በዓል መስቀል ናይ ኦርቶዶክሳውያን በዓል ጥራሕ ዘይኮንስ ናይ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ‘ውን ስለዝኾነ ኩሉ ናይ ሃገረይ ባህሊ ዘንፀባርቀሉ ቅርሲ ‘ዩ ኢሉ ብግቡእ ንክኸበር ግድኡ ክፃወት ኣለዎ።

**ወጋሕታ:- ኣብዚ ክልዓል ዘለዎ ዘይተለዓለ ሓሳብ መልእኽቲ እንተሃልዩ ናይ መወዳእታ ዕድል ክህቦም?**

**መምህር ብርሃነሂወት:-** እዚ ንቛንቛ ትግርኛ መንበባይ ዝዳለው ጋዜጣ ምስ ምዃኑ ብዛዕባ ህዝብና ህዝቢ ትግራይ ብዝምልከት፤ እቲ ዝሓለፈ መከራን ስደትን የኣኽለና። ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ሰላም ኣድላይ ‘ዩ” ስለዚ መልእ ህዝብና ኣብ ሰላም ትኹረት ገይሩ ክሰርሕ ኣለዎ። ምስ ኩሉ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ካሊእ ማሕበረሰብ ዓለም ተስማዕሚዕና ብሰላም እንኸደሉ መንገዲ ክፍጠር ኣለዎ። ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ሰላምና ክነግስ ኣልዎ። ሰላም እንተዘይሃለዩ ካብ ዝሓለፈ ዝሓመቐ ‘ውን ከይመፅኣና ኩለና ሰላምና ክንዕቅባ ይግባእ። ምኽንያቱ ስእነት ሰላም ሃይማኖትን ፆታን ከይፈለየ ዝጎድእ ስለዝኾነ ኩለና ብዘይኣፈላለይ ኣብዚ ብትኹረት ክንዋሳእ የድሊ።

ፖለቲካ ንሰብ ዋና ፖለቲካ ብምግዳፍ ብዝምለከቶም ሰብ ሞያ እቲ ዓውዲ ጥራሕ ክትንተን ኣለዎ። መንግስቲ ናይ መንግስቲ ነጋዳይ ናይ ነጋዳይ ስርሑን ኩሉ ነናይ ባዕሉ ስራሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ካብዚ ወፃኢ ሰብ ኣብዘይምልከቶ ኣትዩ ሓደ ናይ ሓደ ደጋፊ ‘የ ብምባል ብማሕበራዊ ሚደያ ንሰላም ጠንቂ ዝኾኑ ዘየድልዩ መልእኽትታት ምብታን ፅቡቕ ኣይኮነን። ናይ መራሕቲ ፖለቲካ ይኹን መራሕቲ ሃይማኖት ክብሪ ብዘጉድል ቃላት ምንቁሻሽ ምፅራፍ ክተርፍ ኣለዎ። ቅድሚ ኹሉ ምንተ ሰላም ክስበኽ ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ ኣለኒ።

**ወጋሕታ:-ንዝሃብኩኒ ቃለ መሕትት የቐንየለይ።**

**መምህር ብርሃነሂወት:-** ኣነ ‘ውን ንዝተወሃበኒ ዕድል የመስግን።

# በዓላት እንትኽበሩ ሰላምን ምክብባርን መሰረት . . .

ብምዝኽኻር፤ ኣብቲ ኣከባብራ በዓል ዝርኣዩ ደስ ዝብሉ ፅቡቃት ነገራት ብፍላይ ብናይ ቅዱስ ያሬድ ዜማ፣ ወረብን ቅኔን ተዓጅቡ ዝኸበር ምዃኑ ፍሉይ ድባብ ዝፈጥር በዓል ብምዃኑ ንቱሪዝም ዘለዎ ረብሓ ልዑል ‘ዩ ኢሎም ።

ኣከባብራ በዓላትና ብሰላም፣ ብምክብባርን ፍቕርን ዝተሰነየ ስለዝኾነ ዝተፈላለዩ ናይ ጎዳና በዓላት ቱሪዝም ኣብ ምስሓብ ልዑል ግደ ከምዘለዎም ብምግላፅ፤ በዓል መስቀል ናይ ኦርቶዶክሳውያን በዓል ጥራሕ ዘይኮንስ ናይ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ‘ውን ስለዝኾነ ኩሉ ዜጋ ናይ ሃገረይ ባህሊ ዝንፀባርቀሉ ቅርሲ ‘ዩ ኢሉ ብግቡእ ንክኸበር ግድኡ ክፃወት ኣለዎ ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም።

በዓል መስቀል እንትኸበር ዝጠመዩ፣ ዝፀምኡን ዝዓረቑን፤ ክበልዑ፣ ክሰትዩን ክለብሱን ዘተፃልው ክዕረቑን ዝገብር ኣስተምህሮ መስቀል ብምዃኑ ኣብዚ እዋን እቲ ዘለዎ ንዝይብሉ ወገኑ ብምበላዕን ብምስታይን ተሓጋጊዙ ክኽብሮ ከምዝግባእ መምህር ብርሃነሂወት ምዒዶም።

መስቀል ክንብል ከለና ዝድህሰስን ዘይድህሰስን ኢለካ ከፊልካ ዝርኣይ ከምዝኾነ ዘረድኡ መምህር ብርሃነሂወት፤ እቲ ዘይድህሰስ እንብሎ፤ ነቲ መስቀል ዝግባእ ኽብሪ ብምሃብ፤ ኣብቲ በዓል ዝጠመዩ፣ ዝፀምኡን ዝዓረቑን ክበልዑ፣ ክሰትዩን ክለብሱን ዘተፃልው ክዕረቑን ዝገብር ከይዲ ኣስተምህሮ ኮይኑ፤ እቲ ዝድህሰስ መስቀል ድማ ባዕሉ እቲ እፀ መስቀል ኮይኑ ኣርማን መለለይን ክንብሎ እንኽእል ክብሉ ኣብሪሆም።

ከም ገለፃ መምህር ብርሃነሂወት፤ ሃይማኖታዊ በዓላት በሃይማኖታዊ ስርዓት ማሕበረሳባዊ በዓላት ብማሕበረሳባዊ ስርዓት ‘ዩ ክኽበሩ ከምዘለዎምን፤ በዓል ሓደ ማሕበረሰብ እንትተኻኢሉ ነቲ ካሊእ ማሕበረሰብ ‘ውን ብዘሳትፍ መልክዕ ሕጉስ ኮይኑ ክኸበር ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ድማ ብምክብባርን ብምትሕስሳብን ብሰላም ክኸበር ኣለዎ።

## ምድንፋዕ መፍረያይነት. . .

ትካል ዓለም ለኸ ተራድኦ ጀርመን ኣይተ በላይ ታደሰን ሲነር ስፐሻሊስት መካናይዜሽን ሲምት ኣይተ ኤፍረም ታደሰን ገሊፆም።

ብሜከናይዜሽን ዝተደገፈ ዝራእቲ ተጠቒሞም ፅቡቕ ፍርያት ይፅበዩ ምህላዎም ዝገለፁ ተጠቀምቲ ብግዲኦም ካልኦት ሓረስቶት ዘመናዊ እታዎት ተጠቒሞም ምህርቶም ከዕብዩ ይግባእ ኢሎም።

ብሜካናይዜሽን ምዝራእ ኣብ መፍረያይነት ዓብዪ ግደ ከምዘለዎ ዝገለፁ ኣብቲ ዑደት ተሞኩሮ ዝወሰዱ ሓረስቶት ድማ ብተግባር ንምስራሕ ከምዘላዓዐሎም ይገልፁ።

ብኻሊእ ወገን ዶ/ር እያሱ ኣብርሃ ንጋዜጠኛታት ኣብዝሃብዎ መግለፂ ከምዝበልዎ፤ ካብ መፋርቕ ወርሒ ጥቅምቲ ክሳብ ሕዳር 2017 ዓ.ም ኣብ ዘሎ እዋን ግዚኡ ዘይሓለወ ዝናብ ክህሉ ዝኽእልን፤ ዘስዕቦ ሓደጋ ከይህሉ ዝራእቲ ብእዋኑ ምእካብ የድሊ።

ነዚ ድማ ኣብ እዋን ምእካብ ዝራእቲ ኩሎም ኣማራፅታት ምጥቃም የድሊ ዝበሉ ዶክተር እያሱ፣ ሓይሊ ሰብ ኣብ ዝርከቦም ብወፈራ ተዋዲድካ ክፍፀም ከምዝግበኦ ኣገንዚቦም።

ካብዚ ሓሊፉ ዋሕዲ ሓይሊ ሰብ ኣብ ዘጋጥመን ከባቢ ሜካናይዜሽን ንምጥቃም ምድላው ከምዝተገበረ ዝገለፁ እቶም ሓላፊ፣ እዚ እኹል ከምዘይኾን ድሕሪ ምሕባር ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ መናእሰይ፣ ተምሃሮን ሰብ ሃፍትን ብሰፊሑ ክሳታፉ ክግበር ከምዘለዎ ኣረዲኦም። ንስድራ ስውኣት፣ ደቂ ኣንስትዮን ዓቕሚ ዘይብሎም ወገናትን ቀዳምነት ክወሃብ ‘ውን ፀዊዖም።

ዶክተር እያሱ ኣብ መግለፂኦም፣ ከም ቢሮ ሕርሻ ዝተታሕዘ ኣንፈት፣ ሓረስታይ ኣብ ሓጋይ ክልተ ግዘ ኣብ ክረምቲ ሓደ ግዘ ከፍሪ ይስራሕ ኣሎ። ስለዚ ልምዓት መስኖ ጎና ጎድኒ ምእካብ ፍርያት ቀልጢፍካ ምጅማር የድሊ። ብመሰረት እዚ ኣብ 2017 ዓ.ም ልዕሊ 69 ሽሕ ሄክታር ብመስኖ ንምልማዕ ምድላዋት ከምዝተገብረ ይዛረቡ።

ነዚ ንምዕዋት እኹል ቀረባት እታዎት ከምዘሎ ድሕሪ ምሕባር ውፅኢት ዝርከብ ዓቕምታት ብምእካብን መንግስቲ ንሕርሻ ጠመተ ሂቡ ብተወፋይነት እንትሰርሕን ብምዃኑ መሪሕነት ዝለዓለ ጠመተ ክህብ ከምዝግበኦ ድማ የተሓሳስቡ።

ብኻሊእ ወገን ኣብ ክልል ትግራይ መርሃ ግብሪ ሌማት ትሩፋት ንምስፍሕፋሕ ዘኽእል ስራሕ እናተሰርሐ ምዃኑ እቶም ሓለፊ ኣፍሊጦም’ዮም።

ዶክተር ኢያሱ ኣብርሃ ንትልምታት ስራሕ በጀት ዓመት 2017 ዓ.ም ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ ከምዝገለፅዎ፤ ድኽነት ንምቕራፍ ዓቕሚ ምፍፃም ምዕባይን ካብቲ ዝተለመደ ኣካይዳ ውፅእ ኢልካ ምስራሕን ይግባእ።

ኣብቲ ክልል ውሕስነት ምግቢ ምርግጋፅ፣ ዕዳጋ ተኮር ፍርያት ምፍራይን ዘላቒ ልምዓት ምርግጋፅን ጠመተ ዝተውሃቦም ጉዳያት ምዃኖም ተዛሪቦም።

ብፍላይ ኣብቲ ክልል ንዘሎ ሃፍቲ እንስሳት ብኣግባቡ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ሌማት ትሩፋት ንምስፍሕፋሕን በቢከባቢኡ ንህብን ደርሆን ምርባሕን ክላስተር (መንደር) ናይ ፀባ ኣላሕም ንምፍጣርን እናተሰርሐ ምዃኑ ኣመላኺቶም።

ብድጋፍ መንግስቲ ፌደራል ‘ውን ዝተፈላለዩ መርሃ ግብርታት ተቐሪፆም ናብ ትግበራ እናተኣተወ ምዃኑ ኣልዒሎም።

ኣብቲ ክልል ኣብ ዘመነ ምህርቲ 2016/17 ዓ.ም ልዕሊ 700 ሽሕ ሄክታር መሬት ብዝተፈላለዩ ዝራእቲ ከምዝለምዐ ሓቢሮም፤ እቲ ዝራእቲ ‘ውን ኣብ ፅቡቕ ቑመና ይርከብ ኢሎም

ኣብቲ ክልል ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ንምልማዕን ሜካናይዜሽን ሕርሻ ንምስፍሕፋሕን ምስ ሚኒስቴር ግብርና ብምትሕብባር እናተሰርሐ ምዃኑ ዶክተር ኢያሱ ኣብርሃ ገሊፆም።

## ሽሞንተ ሚኢቲ ኪሎ ግራም. . .

ከም ገለፃ እቶም ዳይሬክተር፣ ብፍላይ ምስቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኲናት ተተሓሒዙ ብዙሓት ዘይሕጋውያን መፍረይቲ መዓድናት ተዋፊሮም ብምፅነሖም እታ ክልል ይኹን እታ ሃገር ካብቲ ዘፈር ክትረኽቦ ዝግባእ እቶት ከይረኸበት ፀኒሓ ‘ያ። ሕዚ ነዚ ናብ ስርዓት ንምእታው ሕግን ደንብን ወፂእዎ እናተሰርሐ ‘ዩ፤ ብሓፈሻ ከንሪኦ እንተለና ኣብቲ ስራሕ ሕጋውያን ኣለዉ፤ ዘይሕጋውን ‘ውን ኣለዉ፤ እቶም ዘይጋውያን ሕጊ ክሕዙ ክግበር ‘ዩ።

ሰፊሕ መሬት ኣሎ፤ ደንቢ ኣውፂእና ኣለና፤ መምርሒ ‘ውን ኣውፂእና ኣለና፤ ስምምዕ ሰላም ስዒቡ ካብቲ ዝነበረ ኲናት ብኽብሪ ዝተሰናበቱ ወገናት ኣለዉ፤ እዚኣቶም ብትኽክል ኣብኡ ኣትዮም ዝርብሕሉ ወይ ዝሰርሕሉ ኲነታት ክፍጠር ‘ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

እቲ ዝተሰናበተ መንእሰይ ብዝተኻኣለ መጠን ኣብቲ ናይ መዓድን ዘሎ ፖተንሻል ብስፍሓት ክሳተፍ ዝኽእለሉ ኲነታት እናተሰርሐ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ እቲ ወፂኡ ዘሎ መምርሕን ደንብን ነዚ ዘማእኸለ ከምዝኾ ተዛሪቦም።

ካብቲ ዝሓለፈ ዝሓሸ ክኸውን እቶት ንምርካብ፣ ዝነበሩ ድኽመታት ንምእላይ ጥቡቕ ክትትልን ድጋፍን ከምዝግበር ብምግላፅ፤ ወፂኡ ዘሎ መምርሕን ደንብን ካብ መዓድን ክርከብ ዝኽእል እቶት ንኽልል ይኹን ንሃገር ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ዘለዎ ዓብዪ እቶት ንምርካብ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ሓደ ኢንቨስተር ናይ ኢንቨስተር ፈቓድ ንምርካብ ሕቶ ሒዙ ክቀርብ እንተሎ ክፍፅሞ ዝግባእ ግቡኡ ክፍፅም ከምዘለዎ እቲ ወፂኡ ዘሎ ደንቢ ዘቕምጥ እንትኸውን፤ በቲ ደንቢ መሰረት ነዚ መምርሒ እንትፍፅም ካብቲ ዘፈር ክርከብ ዝግበኦ እቶት ክርከብ ዝሕግዝ ‘ዩ ኢሎም።

ኣብ 2017 በጀት ዓመት ካብ መዓድን ክርከብ ዝግበኦ ፍርያት ንምርካብ ዓብዪ መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ብምሕባር፤ ብሓፈሻ ክረአ እንተሎ ኣብ መንእሰይ ዘለና ናይ ስራሕ ዕድል ፈጠራ ከም ቢሮ መሬትን መኣድንን ኣብ መሬት ናይ መስርሒ ቦታ ኣብ ምሃብ፣ ኣብ መዓድን ‘ውን እተን ዘለዋ ፖተንሻል ኣፅኒዕኻ ካልኦት ናይ መኣድን ቦታታት ኣፅኒዕኻ ኩሉ ብሕጊ መሰረት ካፍቶም ዘይሕጋውያን ‘ውን ሕጋዊ ዝኾንሉ ኩነታት ብምፍጣር፣ ብኣንፃሩ ድማ ነቲ መምርሕን ደንብን መሰረት ገይርካ እቲ መንእሰይ ተጠቃሚ ዝኾነሉ ኩነታት ንምፍጣር መደብ ተታሒዙ እናተሰርሐ ይርከብ ክብሉ ኣብሪሆም።

እዚ ኣብ ናይ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ኩነታት ክልልና ዓብዪ ለውጢ ዘምፅእ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ዳይሬክተር፤ ካብቲ ኲናት ዝተመለሱ ብርከት ዝበሉ መናእሰይ ካብ ተስፋ ምቑራፅ ወፂኦም ንበዓሎም ተረቢሖም ቤተሰቦም ንምጥዋር ዘኽእሎም ኩነታት ናይ ምፍጣር መደብ ተታሒዙ እናተሰርሐሉ ይርከብ ኢሎም።

ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ከም ሓደ ዓብዪ መደብ ተታሒዙ ኣብዚ 2017 በጀት ዓመት እናተሰርሐ ዝርከብ ዘሎ ድማ ናብቲ ክልል ይኹን ናብቲ ፌዴራል ክኣቱ ዝግበኦ እቶት ንምርካብ ዘኽእል ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ቅድሚ ሕዚ ዘይነበረ ኣብቲ ደንቢ ሕድሕድ እቲ በዓል ሃፍቲ ክገብሮ ዝግባእ ብምፍፃም ብኡ መሰረት ኣብ መዓድን ዘሎ እቶት ኣዝዩ ሓፍ ዝብለሉ ኩነታት ንምፍጣር ‘ዩ ተሓሲቡ ዝስራሕ ዘሎ ዝበሉ ኣይተ ፍስሃ፤ እዚ ናይቲ መንእሰይ ስራሕ እድል ንምፍጣርን ናይቲ ክልል ኢኮኖሚ ንምዕባይን ክልቲኡ ተደሚሩ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት እቲ ከባቢ ዘምፀኦ ለውጢ ዓብዪ ‘ዩ ዝብል ተስፋ ተገይርሉ ብትልሚ ደረጃ እናተሰርሐ ይርከብ ክብሉ ወሲኾም ሓቢሮም።

# ስፖርት

## ሓደሽቲ ኮኾባት ንፈጣን ሰዓት ዝጋጠምሉ ማራቶን በርሊን

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣትሌታት ኢትዮጵያውያን ሓድሽ ዓመት ናይ መጀመርያ ወርሒ መስከረም ካብ ዝገብርዎም ውድድራት ማራቶን ብርሊን ተፀባይ 'ዩ። ብዙሓት ናይ ዓለም ማራቶን ኮኾባት ዝጋጠምሉ ኣበዚ ውድድር ድሕሪ ኽልተ ሰሙን እንትካየድ ኢትዮጵያውያንን ኬንያውያንን ኣትሌታት ብኽልቲኡ ፆታ ዝገብርዎ ንሕንሕ ከምዝተለመደ ብሃንቀውታ ትፅቢት እናተገበረሉ 'ዩ።

ብተደጋጋሚ ሪከርድ ዓለም ዝስበረሉ ማራቶን በርሊን ድሕሪ 2014 ናይቲ ርሕቐት ቀነኒሳ በቀለን ኢሉድ ኪፕቾጌ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ኣይሳተፉን። እዚ ድማ ናይ ዓለም ክብረወሰን ንምምሕያሽ ኣብ ሓደሽቲ ናይቲ ርሕቐት ከዋኽብቲ ማእገር ወዲቑ 'ዩ።

ብደቂ ተባዕትዮ ዝግበር ፉኽክር 42 ኪሎ ሜትሮ ትሕቲ 2፡05 ምዝዛም ዝኻኣሉ ሸድሸተ ኣትሌታት ክሳተፉ 'ዮም። ብደቂ ኣንስትዮ ድማ ትሕቲ 2፡20 ዝዛዛሙ ኣርባዕተ ኣትሌታት ከምኡ 'ውን ትሕቲ 2፡22 ዓሰርተ ኣትሌታት ተሳተፍቲ 'ዮም። ኣብ ዝሓለፈ ኣብ ዱባይ በቲ ርሕቐት ንመጀመርያ ግዜ ብዝተሳተፈት ኣትሌት ዝተመዝገበ ፈጣን ሰዓት 2፡16፡07 ዝተዓወተት ትእግስት ከተማ እታ ሓንቲ እንትትኾን ካልኣይ ድማ ኣብ ቶኪዮ ማራቶን መበል ካልኣይ ኾይና ዝዛዘመት ኬንዊት ኣትሌት 'ያ። ኣብ በርሊን ናይ መጀመርያ ውድድራ እትገበር ትእግስት ከተማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት በዚ ውድድር ናይ ዓለም ክብረወሰን ዝሰበረት ናይ ብሩር ኦሎምፒክ ሜዳልያ ዝወሰደት ኣትሌት ትእግስት ኣሰፋ ናይ ልምምድ ኣጋር እንትትኸውን ናይ በርሊን እትኸይድ ፈጣን ሰዓት ብምድሓዝ 'ዩ።

ነባር ናይ 1500ሜትሮ ባዓል ክብረ ወሰን ገንዘቤ ዲባባ ካብ ማእኸላይ ርሕቐት ናብ ማራቶን ምስዞረት ኣጀማምርኣ ፅቡቕ እንተኾነ 'ውን ብዙሕ ርሕቀት ኣይተጓዓዘትን። ሎሚ ኣብ በርሊን ታሪኽ ማራቶን ብፈጣን ሰዓት ንምድማቕ ክትጎይ 'ያ። ገንዘቤ ቅድሚ ኽልተ ዓመት ናይ መጀመርያ ማራቶን ውድድራ ኣብ ኣምስተርዳም ኣካይዳ 2፡18፡05 ምዝዛም ከምዝካኣለት ዝዝከር 'ዩ። እዚ ሰዓት ግና ኣብ ዝሓለፉ ኽልተ ዓመታት ምምሕያሽ ኣይካኣለትን። ኣብዚ ውድድር ዝሳተፉ ኣትሌታት መስታወት ፍቕሩ፣ ኣዝመራ ገብሩ፣ ሲሳይ ጎላ፣ ኣባብል የሻነህ ኣብቲ ውድድር ዝሳተፉ ኢትጵያውያን ኣትሌታት 'የን። ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮ ዝግብር ንሕንሕ 'ውን ቀዳሚ ፈጣን ሰዓት ዝሓዘ ኢትዮጵያዊ ኣትሌት ታደሰ ታከለ 'ዩ። ካልኣይን ሳልሳይን ሒዞም ምስ ዝወዳደሩ ኣትሌታት ኬንያውያን ዝገብሮ ንሕንሕ ትፅቢት ይግበረሉ።

ካብ 1974 ኣ.ፈ. ጀሚሩ እናተኻየደ ዝርከብ ማራቶን በርሊን ካብ ዓለም እቶም ሓሙሽተ ዓበይቲ ማራቶን እቲ ሓደ እንትኾን ሎሚ ዓመት መበል ሓምሳ ዓመቱ ክኽብር 'ዩ። ኣብዚ ውድድር ጉዕዞ ፍርቂ ክፍለዘመን ዓሰርተ ሰለስተ ዝኾኑ ናይ ዓለም ማራቶን ክብረወሰን ዝተሰበርሉ እንትኾን እዚ ድማ ካብ ካልኦት ውድድራት ማራቶን ዝተፈለየን ኣትሌታት ፈጣን ሰዓት ንምምዝጋብ ንክመርፅዎ ኾይኑ 'ዩ። ድሕሪ ኽልተ ሰሙን መበል ሓምሳ ዓመቱ እንተኽብር ካብ ኣትሌታ ብተወሳኺ ንመጀመርያ እዋን ልዕሊ ሓምሳ ሽሕ ህዝቢ ከምዝሳተፍ ትፅቢት ይግበር።







## በዓል መስቀል 2017 ምኽንያት ብምግባር ኣብ ከተማ መቐለ ዓብዪ ጉያ ተኻይዱ

ማሕበር መስቀል ጮምዓ መቐለ ምስ ፌደሬሽን ኣትሌቲክስ ትግራይ ብምትሕብባር "ኣንበሳ ንኩለመዳይ ዕብየት ጎቦ ጮምዓ መቐለ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ባንኪ ኣንበሳ ዝመወሎ፣ 12 መስከረም 2017 ዓ/ም 5 ኪሎ ሜትር ርሕቐት ውድድር ዓብዪ ጉያ ኣብ ከተማ መቐለ ተኻይዱ ።

ኣብቲ ውድድር ኣትሌታትን ማሕበረሰብን ዝሳተፉ እንትኾኑ ፕረዚዳንት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳን ካልኦት ኣመራርሓን ኣብ ዝተረኸብሉ ነቲ ውድድር ኣጀሚሮምዎ 'ዮም። ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ፤ መበገሲኡ ኣደባባይ ሮማናት ኮይኑ መፈፀምትኡ ድማ ኣብ ጎቦ ጮምዓ ዝገበረ ብደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮ ኣትሌታት ተዓወቲ ንዝኾኑ ዝተዳለወሎም ሽልማት ተቐቢሎም 'ዮም ።

ብመሰረት እዚ ካብ ደቂ ኣንስትዮ ፤ ኣትሌት ዝማም ባራኺ ካብ ጋንታ ዋልታ ፖሊስ ቐዳመይቲ ብምኻን ተሸላሚት ወርቂ እንትትኸውን ፤ ኣትሌት ገነት ሳህለ ካብ ጋንታ ዋልታ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ፤ ሳልሳይቲ ድማ ዘነቡ ወልደ ስንበት ካብ ጋንታ ፖሊስ ነሓስ መዳልያ ተዓዋቲት ኮይና 'ያ።

ካብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፤ ቐዳማይ ኣትሌት በሪሁ ተስፋይ ካብ ከተማ ማይጨው ተዓዋቲ ወርቂ ሜዳልያ እንትኸውን ፤ ኣትሌት በሪሁ ባይራይ ካብ ጋንታ ጉና ካልኣይ ብምውፃእ ተዓዋቲ ብሩር ሜዳላያ ፤ ኣትሌት ኣታኽልቲ ኪዳኑ ካብ ጋንታ ጉና ሳልሳይ ተሸላሚ ነሓስ መዳልያ ኮይኑ ኣሎ።

## ኣከባብራ በዓል መስቀል

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ንመስቀለይ ንመስቀለይ፤ ድርብ ከበሮ ሓዛለይ።

ኣይኮን ንመስቀል ንወለሎ፤ ንሰብ እኳ ይዕለሎ። እናበሉ ብምድራፍ በዓል መስቀል ኣብ መላእ ትግራይ ዘለዎ ልዑል ክብሪ ዝግለፀሉ ዕለት 'ዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ መላእ እታ ሃገር ካብ ድሮ እቲ በዓል ዕለት 16 ጀሚሩ ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ምኽባር ዝጅምር በዓል መስቀል ፍሉይ ድባብ ዘለዎን ብፍሉይ ድምቐት ኣብ ጎዳናታት እታ ሃገር ኣብ ልዕሊ እቲ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶኡ ከከም ኣከባቢኡ ዝተፈላለየ ባህላዊ ትሕዝታት ተወሲኽዎ ዝኽበር ተናፋቓይን ተፈታውን በዓል 'ዩ።

ሃይማኖታዊ ትሕዘቶ በዓል መስቀል ኣብ ኩሉ ከባቢታት እታ ሃገር ተመሳሳሊ እንተኾነ 'ውን ተወሳኺ ባህላዊ ትሕዝትኡ ግና በቢከባቢኡ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣከባብራ ዝርኣየሉ 'ዩ። ንኣብነት ብኣብዛሓ ከምዝፍለጡ ኣብ ከባቢ ምብራቕ ትግራይ ከባቢ ዓዲ ግራት ኢሮብን ክልተ ኣውላዕሎን ከባቢኡን ፍልይ ብዝበለ ባህላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣከባብራ ከምዘለዎ 'ዩ ዝፍለጥ። ካብ ትግራይ ወፃኢ 'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር ብዝተፈላለየ ባህለታት ዝኽበር ኮይኑ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ጉራጌ ብዝተፈለየ ኣከባብራ ባህሊ ከምዝኽበር ይግለፅ 'ዩ።

ባህላዊ ኣከባብራ በዓል መስቀል ኣብ ከባቢ ዓዲግራትን ኢሮብን ብሰፊሑ ከምዝግለፅ ኹሉ ብብዙሕ መልክዑ ኣብ ከባቢ ክልተ ኣውላዕሎ ብፍላይ ኣብ ቐላቕል ዴስኣ ተመሳሳሊነት ዘለዎ ከምዝኾነን ብዝበለፀ ድማ ካብ ዓበይቲ ሰብ ፀጋ ዕድመ ናይቲ ከባቢ ተወለድቲ ከምዝረኸብናዮ ሓበሬታ ከመይ ከምዝኽበር ከምዚ ዝስዕብ ክንርኢ ኢና፡-

ኣብቲ ከባቢ ምድላዋት ዝጅምር ቕድሚ ሰሙናት ከምዘኾነ 'ዩ ዝሕበር። ማለት 'ውን ነቲ በዓል ዝኸውን ከከም ዓቕሙ ካብ ንግዓት ዝኸውን ሕሩጭን ጠስሚን ጀሚሩ ክሳብ ንመሕረድ ዝኸውን እንስሳ ዝዳለው ኮይኑ እቲ ዋና በዓል ግና ዕለት 16 ኪዳነምህረት ወይ ድሮ መስቀል ናይ ምሸት ነቲ በዓል ዝተዳለወ ሕሩጭ ብምግዓት ፆም ተዘይውዒሉ ብጥስሚ ወይ ከዓ ብኻሊእ ከም እንጣጢዕ ብዝበሉ ብምብላዕ 'ዩ ዝጀመር። እዋን ክረምቲ ምስ ምኧኑ እቲ ሓረስታይ እኽሊ ዘውድኣሉ እንተኾነ 'ውን ኣብቲ እዋን በዓል ግና ፅጋብ ብፅጋብ 'ዩ ዝኸውን ይበሃል። ከም ምሳለኡ 'ውን "መስቀልያ ዘይፀገበስ ዳርጋ ዘይኸረም" ብምባል ዝሰኣነ እንተሰኣነ ነዚ በዓል ዝኸውን ኣይስእንን ይበሉ።

ብምቕፃል መናእሰይ እቲ ከባቢ ምሸት ሽግ ኣበሪሆም ብጥዑም ናይ ሓባር ድመፂ ሆሆ ሆያየ.. ገራፋር..ሆየ ሆያየ እናበሉ ነቲ ከተማ ወይ ቁሸት ብምዛር ናብ ቤተክርስትያን ብመኻድ ብምዛርን ፆሎት ብምግባር ናብቲ ዳመራ ዝድመረሉ ሜዳ ብምኻድ መናእሰይ ደቂ ተባዕተዮን ደቂ ኣነስተዮን ኣብቲ ዳሜራ ዝተተኸለሉ ቦታ ባህላዊ ጎይላ ገይሮም እቲ ዝተወለዐ ሽግ ኣብ ማእኸል ክእከብ ብምግባር "ኣቦ ጎይላ" ተመሪፁ ጎይላ ይጅምር። ነቲ በዓል ዝኾኑ ከም "ንመስቀለይ ንመስቀለይ፤ ድርብ ከበሮ ሓዛለይ"። "ኣይኮን ንመስቀል ንወለሎ፤ ንሰብ እኳ ይዕለሎ"። ዝበሉ ባህላዊ ዜማታት እናተፃወቱ ይሓድሩ።

ብፅባሕትኡ ንጉሆ 17 ብስነ-ስርዓት እታ ቤተክርስተያን ፆሎት ተገይሩ እቲ ዳመራ ምስተ ደመረ፤ ባህላዊ ምኽባር ስነ-ስርዓት በዓል መስቀል በቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሰፊሕ መይዳ የቅፀል። ብፍላይ ኣብዚ ስነ-ስርዓት ምኽባር ሰባት ጥራሕ ዘይኮኑስ እንስሳት ከፍቲ እውን ናይዚ በዓል ተሳተፍቲ ዝኾናሉ ባህላዊ ስነ-ስርዓት ይጅምር። ኣብዚ መዓልቲ መስቀል ንጎሆ ናይ ምፅኣኽ ስነስረዓት ዝካየድ ኮይኑ "መስቐል ሓይልና፣ መስቐል መፅንዒና፣ መስቐል መድሓኒት ነፍስና ብዝብል ትምህርቲ ቤተክርስተያን ብተወሳኺ ኣብቲ ዓመት ዝሓለፉ ሕማቓት ነገራት ምስቲ ኣረጊት ዓመት ተሪፎም፤ እቲ ዝመፅ ሓዱሽ ዓመት ድማ ፅቡቕ ዓመት ነክኾን ዝምነይሉ "ዓኾኾይ ዓኾኾይ ትኧን ውፃእ ቁንጪ እቶ" እናበሉ ይገልፁ። ነተን ከፍቲ 'ውን ናይ ፅጋብን ፅቡቕ ዘመን ክኾነለን እናተመነዩ ይዕኮኻ።

ብተወሳኺ ኣላሕም ኣብ ቀርነንን ኣብዑር ድማ ኣብ ምንጉደኦም ጠስሚ ምስ ሓሙኽሽቲ እቲ ዳመራ ተላዕጢጡ ክጣሰማ ምስተገበረ ናብቲ ንመስቀል ተባሂሉ ዝተኸለለ ሕዛእቲ ወፈረን ንኽስዕራኦ ይግበር። ረፋድ ምስኮነ ብጓስኦን ኣቢለን ናብቲ መውዓሊ መስቀል ተባሂሉ ዝተሓረየ ቦታ ክእከባ ይግበር። ናብቲ በዓል ካብ ዝመፃ ኣላሕም ድማ ፀባ ተሓሊቡ ነቲ በዓል መድመቒ ይኸውን እቲ ዝተረፈ ድማ ንድኻታት እቲ ከባቢ ንክከፋፈል ይግበር። ናይቲ ዓመት ሸዊት 'ውን ምብላዕ ዝጀመረሉ ዕለት 'ዩ።

ብሓፈሻ በዓል መስቀል ኣብዚ ከባቢ ፍልይ ብዝበለን ብዝደመቐን ኣገባብ ዝኽበር በዓል 'ዩ። ስለዚ እዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝመፀ በዓል፣ ባህላውን ሃይማኖታውን ትሕዝትኡ እንተይሃሰሰ ናብ ቀፃሊ ወለዶ ክሰጋገርን ፍልፍል ኣታዊ በፃሕቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ንክኸውንን ብፍላይ መዳርግቲ ኣካላት ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ተመራመርቲ፣ ዩኒቨርሲትታትን ኮሌጃትን መፅናዕትታት ብምክያድ ተዓቂቦም ናብ ዝቕፅል ወለዶታት 'ውን ንኽመሓላለፉ ትኹረት ተዋሂባዎ ክስራሕ ዝግባእ 'ዩ።



## መኣዲ ጥበብ